# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.6 | ሓሙስ 7 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ስንክልናዘይዓግቶም ኣፍረይቲ ዜጋታት!



ገጽ 3
ኤርትራ፡ ኣብ መቓን ህሉው ዓለማዊ ስርዓት

ገጽ 4
ምስ ዓበኻ




ገጽ 5

ድሕሪ እተን ቀለቤት ...

ገጽ 7
ሓለውቲ ልዳት ደንደንን ቀይሕባሕርን ተቐጺዖም




# ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’፡ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ተዛዚሙ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተሳተፎ ካብ 4 ክሳብ 6 መስከረም ኣብ ናይሮቢ - ኬንያ ዝተጋብአ ናይ ፈለማ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’፡ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ ተዛዚሙ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ’ዚ ልዕሊ 20 መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ከምኡ’ውን ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባትን ትካላትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኬንያ - ዊልያም ሩቶ፡ ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምምስጋን - “ንመጻኢት ኣፍሪቃ ንዘበርክቶ ዘይሕለል ጻዕሪ ብልቢ ኣመስግነ” ኢሉ።

ፕረዚደንት ሩቶ ኣስዒቡ፡ ካብ’ዚ ዋዕላ ብዙሕ ጠቓሚ ሓሳባትን እማመታትን ከምእተረኽበ ብምጥቃስ፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ንምምኻት ኣብ እኹልዶ ዘሎና ቃልሲ፡ ኣፍሪቃ ንዘሎ ዕድላት ብዝዋጾኦ ክትጥቀመሉ ኣተሓሳሲቡ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ጉድኒ-ጉድኒ እቲ ዋዕላ ኣብ ዝተወደበ ፍሉይ ኣኼባታት ከምእተሳተፈ፡ ልኡኻት ሚኒስትሪ ዜና ሓቢሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ5 መስከረም ኣብ ዘስመዖ - ንጠንቅታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ኣፍሪቃን ከበድ ሳዕቤናቱን፡ ከምኡ’ውን መርገጽን ርእይቶን ኤርትራ ኣብ ምምካቱ ዘጸር መደረ፡ ከበድ ብድሆታት ክሊማዊ ለውጢ ንምምካቶም፡ ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ኢዳ ንምእትእትታውን ብልሽው ተሞክሮታትን ባብ ንዝርሑ ትኳቦ “ለገስቲ” ዝበሃሉ ወገናት ትዝርግሕ፡ ጸጋታታ ብምኽሳስ መደብታ ክተተግብር ተማሕጺኑ።

**(ምሉእ ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ኣሎ)**

# መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’

**ክቡር ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ**

**ክቡራት መራሕቲ ሃገራት**

**ዝኸበርኩም ወከልቲ (ዝተፈላለያ ውድባት)**

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ቅድም ቀዳድም ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ - ንስለ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ ምእንጋዱን ምውቕ ኣቀባብላ ዝገበረልናን ከመስግኖ ኣፍቅዱለይ።

ክሊማዊ ለውጢ ብኸሉ መለክዒታት፡ ሓደ ካብ’ቶም ኣዝዮም ኣሰከፍቲ ብድሆታት ናይ ግዜና ኩይኑ ኣሎ። ሳዕቤኑ ብደረጃ ኣፍሪቃ ኸኣ፡ ምስ ካልኦት ዓበይቲ ጸገማት ተደሚሩ፡ እናብኣሰ እዩ ዝመጽእ ዘሎ።

ጠገለ ዘይብሉ ለውጢ ኩነታት ኣየር፡ ዝያዳ ቀጻልን ዓሚቕን ደርቂ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ምስዓብ ይርከብ፡ ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ኣብ መሓደሮ ህይወታዊ ብዙሕነት ባሕራታትን ውቅያኖሳትን ከምኡ’ውን፡ ኣብ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘጉዳምን ዘስዕቦ ዘሎ ኣሉታዊ ለውጢ፡ ንተኸእሎን ባህግን ቅልጡፍ ቀጠባዊ ዕበየት ኣፍሪቃ ክቕጽል ይደናደን ኣሎ።

ንዕድላትን ናብራን መጻኢ ወለዶታት እውን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ።

ግደ ሓቂ፡ ኣብ ልክዕ’ት ትንቢያ ከምኡ’ውን ‘ናይ ምጽኣተ-ኣለም ትእንግርቲታት’ ምስ’ቲ ዛጊት ማእለያ ዘይብሉ ስኡፍልጠታዊ ጽበጻብ ተኣኪቡ ዘሎ ተዛማዲዩ፡ ዕቃበታትን ምጥርጣራትን ኣለው።

ኣብ ብርክት ዝበሉ ዋዕላታት፡ ብመራኸቢ ብዙሓን ተጋዊናም ዝጋወሑ ንወለዶታት ዝጸልዉ እውን ኣለው።

የግዳስ እቶም ኩቶ ክንጽመሞም ዘይብልና ፍልልያት ትኾረት፡ እቲ ስሕበትን ህጹጽነትን ናይ እቲ ኩነታት፡ ብናትና እኩብ ጻዕሪ ጥራይ እዩ ነቲ ሓደጋ ክንቈጻጸሮ እንኽእል።

በዚ መንጽር እዚን ብናትና ምቅሉል ኣመለኻኽታን፡ ኣድማዕነትን ጽልዋን ናትና እኩብ ግብረ-መልሲ፡ ምስ ምትእስሳርን ምድማርን ንሕና ዘማዕበልናዮ ስሉሱዝኣንፉ ኣቀራርባ - ማለት እቲ ሃገራዊ፡ ኣህጉራውን ዓለማውን መድረኻትን መርበባትን ብእወታ ዝሳለ እዩ።

እቶም ንሕና ዘርቀቕናዮም ፖለሲታት ከምኡ’ውን ንሕና ዝሰኣልናዮም ኣልያታት ትግበረታት፡ ኣብ ውልቃዊ ሃገራዊ ደረጃ፡ መበኢታዊ ፍታሕ ንዓለማዊ ብድሆታት ዘምጽእ ኣይኮኑን።

እቲ ብኻልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ኣቀራርባ፡ ብፍሉይ ምስ እዚ ናይ ሕጂ ዋዕላ ዝተኣሳሰር ኩኑ፡ እቶም መደባት ብድምር ኣህጉራዊ ደረጃ ዝሰላሰሉ ኩይኖም፡ ንውልቃዊ ሃገራዊ ጻዕርና ዝሕግዙ እዮም።

ኣብ’ዚ ጫብጥ ኩነት፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ብዓለማውያን ተሳተፍቲ ኣብ’ዚ ዓውዲ ንዘቐርቡ ማእለያ ዘይብሎም ስኡ-ፍልጠታውያን መለክዒታት፡ ኣብ ምቅሳል እቲ ዕላማ ክትብርብሮምን ክተወሃህዶምን ይግባእ።

ብትካላዊ ደረጃ ድማ፡ ኣህጉርና ኣብ’ዚ ዓውዲ እዋናዊ ምርምርን ድጋፍን ዝሁብ ናይ ጉጅለ ርእሳ ሞያውያን ‘ኣፍሪቃዊ ኣማኻሪ ጉጅለ’ ክተቕውም ኣመና ኣገዳሲ እዩ።

ወዮ ቅርጺ ከዐም ኣገዳስነቱ - ናብ ዞባውን ሃገራውን ደረጃታት ክወርድ ይኽእል፡ እዚ ሓፈሻውን ቅኑዕን ስኡ-ፍልጠታዊ ምርምርን ሓበሬታን የመንጩ እሞ፡ ኣብ ኩሉ ክፋል እዛ ኣህጉር ዝሰፍሐ ተቐባልነትን ተግባራውነትን ይህልዎ።

ኣፍሪቃ፡ ዘዋጽእን ዝትግበርን መቓን ኣብ ምትሕብባር፡ ኣብ ለውጢ ኩነታት ኣየር ብደረጃ ዓለም ወይ ብሰልሳይ መስመር ኣብ ምድንፋዕ ክትጽዕር ይግባእ።

ብምኽንያት ርትዓ፡ ኣፍሪቃ ንዋሕ ግዜ ከም ተቐባሊት ብምጽንሓ ሓገዝ ከም ዘድልያ መጠኝ፡ እዚ እምብዛ ኣገዳሲ እዩ። ብርግጽ፡ ኣብ ኣህጉርና እቶም ዓበሎኽቲ ትካላት ስምብራቶም ውሑድ እዩ ነይሩ። ሕጂ እውን ብተዛማዲ ሐደት እዮም ዘለው።

ኣብ መደምደምታ፡ ዝ ናይ ወርሒ ኑሓሰ ምትእኽኻብ ከዘኻኽሮ ዝደሊ፡ ኣፍሪቃ ዝ ህሉው ኩነታት መለሶም ዘጋድዱ ከምኡ’ውን ንምትእትታውን ንብልሽው ኣሰራርሓን ዝዕድሙ ጥሙራት ጽሑፋት ኢዳ ክትዝርግሕ ኣይግባእን፡ ንናይ ጉዱእ ርእሰና ጸጋታት ምውዳድ፡ ብደረጃ ኣህጉር ፈጠራውነት ዝደርኽ እዩ።

ንክፍሲ-ወከፍ ሰብ ክምሕጸኖ ዝደሊ፡ በቶም ተኸቢቢ ተባሂሎም ዝፍለጡ ከይተሃራረፍ እዩ። ኣብ ክንዳኡ፡ ንናይ ጉዱእ ርእስና ጸጋታት ከዋድድን ካብ ተመጽዋትነት ክንርሕቕን ይግባእ። እዚ ብርግጽ ንኹሉ ብደረጃ እዛ ኣህጉር ከጠቓልል እዩ።

**ክብረት ይሃበለይ ፕረዚደንት ሩቶ።**

# ጠቕነ ኣምነስቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ይቕጽል

## ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት - ኒው ዮርክ

ክሰታት ኣምነስቲ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ብዲሲፕሊንን ስልጡን ባህልን ዝለለ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ዝውሓጥ ትሕዝቶ ይኹን ቁም-ነገር ስለዘይብሉ፡ ኤርትራ፡ እዚ ትካል’ዚ፡ ንዝዘርግሖ ሪፖርት መልሲ ክትህበሉ ግደ ሓቂ ዘይግባእ ክብሪ’ዩ። የግዳስ፡ እቲ ሪፖርት ዝተኸተሎ ስኡ-ኣገባብ (ሜተዶሎጂ) ግስርጥናኡ ክተዘክር ትደሊ።

ኣምነስቲ ባዕሉ ዘየደ ዝኾነ ይኹን መጻናዕቲ የለን። ኣብ ክንዳኡ፡ ከም ኣካል ናይ’ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዕቑዓት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኪጋዋሕ ዝጸንሐ ጠቓሚ ዘሙተ፡ ስዉም ኮነ መንኩዩም ዘይፍለጥ ምንጨታት ሳልሳይ ኣካል፡ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ትካል ኤርትራ ዝዘዘሕዎ መርትዖ ዘይብሉ ቤላ-ቤለው ርዒሙ፡ ብመንገዱ ክዝርግሖ መሪጹ። እዚ፡ ስም ህዝቢ ኤርትራ ከጸልም ዝሶቀ ዳሕረዋይ ሪፖርት፡ ልክዕ’ቱ ዘረጋግጽ ኣልያ (መሃዝዝም) ዘይብሉ ቃሉ-መሕትት-ማዕዶ ምርኩስ ዝገበረ እዩ።

ኤርትራን ኢትዮጵያን ጎድኒ ንጎድኒ ብሰላምን ሓድሕድ ምክብባርን ንዘንተ-እለት ብሓባር ክነብራ ጂኦግራፊያዊ ዕጫአን እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ረብሓኦም ጥራይ ዝጽጥጦም ግዳማውያን ሓይልታት፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ጽልኢን ቅርሕንትን ንምፍጣር ዝጉበርዎ ዘየቋርጽ ሃቐነታት፡ ነውርን ዘይቅቡልን እዩ። ኣምነስቲ ድማ፡ ኣብ ሰብኣውነት ተሞርኪሱ ንሰላምን ዕርቅን ክሰርሕ እምበር፡ ኣብ መንጎ ክልተ ኣሓት ሃገራት ግጭት ንምፍጣር ክሰልኽ ዘምሕረሉ ኣይኮነን።

ብዛዕባ ኤርትራ ዝልፍልፍ ሰዓት ኣምነስቲ፡ ልክዕ ከም ምንጨታቱ ካብ ዓመት ንዓመት ክእመን ዘይክእል እናኾነ፡ እኳ ድኣ ፍኹሉት ናይ’ቲ ትካል እናኣጋልሐ’ዩ ክመጽእ ጸኒሑ፡ እዚ ኣብ ጸዕዳ ሓሶትን ዝንበዕትን ዝምርኩስ ብመንቅብት ዝጋዕዘ ጸብጻባት፡ ንህዝቢ ኤርትራን ወረጃ ባህሉን ብምንሻው፡ ምስሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምድዋን እምበር ካልእ ዕላማ ከምዘይብሉ ባዕሉ ዝምጉር እዩ።

ሓደ ካብ መርኣያን መረጋገጽን ተጸባኢ ዘሙተ ኣምነስቲ፡ እቲ ኣብ 2011 ክፍጸሞ ዝሶቐ “መባዕዲ ስርሒት” እዩ። ኣምነስቲ ኣብ ዘይሕጋዊን እኩይን ሽርሒ ምቕያር ስርዓት ኣብ ኤርትራ ክሀጥፍ ኢድ ብኢድ’ዩ ተታሒዙ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብዛዕባ’ዚ ውግዘን ዘሕትትን ከይሰ ተግበር ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብወግዒ ይቕረታ ክሓትት እምበር፡ መብርሂ እውን ዘድልዮ ንጹር ሓቅታት ብምዝንባዕ፡ ሞራላዊ ልዕልና ከምዘለዎ ንምርኣይ ክፍትን ኣይምተገበኦን። እዚ ዳሕረዋይ ጸብጻብ ከኣ፡ ከም ኩሉ ዝሓለፈ፡ ፋልሶ ክሰታት ገዛዛዚ ዝገበረ፡ ተወሳኺ ብላሽ ሃቐና እዩ።

ርእይቶ

# ኤርትራ፡ ኣብ መቓን ህሉው ዓለማዊ ስርዓት

ሚርያም የሴፍ
ኣብርሃም በረኸት

መዋቕዕቲ ታሪኽ ከም ዘጸርዎ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ-ሰብ - ምስ ምዕባይን ምስፋሕን ዝተፈላለዩ ዓለማዊ ስርዓታት ዝተራእዩ ዓበይቲ ፍጻመታት ነይሮምን ኣለዉን፡፡ ካብኦም እቲ ኣብ ዓለም ናይ ፈለማ ዝዓበየ ዓለማዊ ክስተት ተባሂሉ ዝጥቀስ - እቲ ብቐዳማይ ኩናት ዓለም ዝፍለጥ፡ ካብ 1914 ክሳዕ 1918 ዝቐጸለ ኩናት እዩ፡፡ እዚ ክስተት'ዚ፡ ክሳዕ 70 ሚልዮን ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሰብ ዘኻተተ፡ ህይወት ልዕሊ 9 ሚልዮን ወተሃደራትን 7 ሚልዮን ሰላማውያን ዝቐዘፈ ብምንባሩ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና - ኣዝዩ ኣሰካሕካሒ ዝኾነ ፍጻመ ኮይኑ፡ ነቲ ድሒሩ ዝሰዓበ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ለውጥታት እውን መገዲ ዝኸፈተ ምኽንያት ይእመን፡፡

እቲ ድሒሩ ዝተኸስተ ካልእ ዝዓበየ ዓለማዊ ክስተት፡ እቲ ብኻልኣይ ኩናት ዓለም ዝፍለጥ ካብ 1935 ክሳዕ 1945 ዝተካየደ ሓያሎ ሃገራት ዝሳተፋ፡ ኣብ መንጎ ሓይልታት ልፍንትን ኣክሲስን ዝተኻየደ መሪር ኩናት እዩ፡፡ እዚ፡ ናቱ ሓድሽ ፖለቲካዊ መዋቕር ሒዙ ዝመጸ ኮይኑ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ክልተ ሓያሉ ዓለማዊ ደንበታት/ስርዓታት ወይ'ውን ስነ-ሓሳብ ንኽፍጠር ደረኹ፡፡ እቲ ንልዕሊ 43 ዓመታት ዝቐጸለ - ብዝሑል ኩናት ዝፍለጥ መድረኽ፡፡

መድረኽ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ መንጎ እተን ድሒረን ግባእ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኮይነን ዝወጽኣ ሓያላን ሃገራት ዝነበራ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ወጥሪ ዝነበሮ ናይ ደምበታት ምትፍናን'ዩ፡፡ እዚ ኣብ መንጎ እቲ ብሕብረት ሶቭየት ዝምራሕ ምብራቓዊ ደምበን ኣብ መንጎ እቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ምዕራባዊ ደምበን ዝነበረ ኮይኑ፡ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ናይ 20 ክፍለ-ዘመን - ማለት ካብ 1947 ክሳዕ 1990 ምስ ምብትታን ሕብረት-ሶቭየት ዝነበረ ግዜ ዝሸፍን እዩ፡፡

ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ኣመሪካ እትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘለዋ ተኣማንነት ምዕባይ፡ ነቲ ሕብረት ሶቭየት ዝነበራ ጽልዋ ድማ ምድኻም ኮይኑ፡ ካልኦት ሃገራት ብሕብረት ሶቭየት ከውርደን ንዘኽእል ጉድኣት ብምሉእ ዓቕማ ንምክልኻል ዝሕልን ዝነበረ እዩ፡፡

እቲ ቀዳማይ ገጽ ናይ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝጀመረ ነበረ፡፡ ሕብረት ሶቭየት፡ ኣብ ምብራቓዊ ደምበ ዝነበራ ግዝኣት ብዕቱብን ጽኑዕን መልክዕ ድሕሪ ምሓዛ፡ ኣመሪካ ብወገና ንሕብረት ሶቭየት ንምብዳህን ንዓለም ንምቍጽጻርን (global containment) ዝዓለመ ስትራተጂኣ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ብዙሓየለ መልክዑ ክትሰርሓሉ ጀመረት፡፡ በዚ መሰረት፡ ነተን ንዴሳዊ ስነ-ሓሳብ ዝቃወማ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብ ዝተፈላለየ ፊናንሳውን ወተሃደራውን ደገፋት ብምሃብ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝነበራ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ከተዕብን ከተስፋሕፍሕን ተራእየት፡፡ ከም ውጽኢቱ ብኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ'ቶ ዝፍለጥ ልፍንቲ ኣቑመት፡፡ ብተወሳኺ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን ኣብ ላቲን ኣመሪካ ከም'ኡ'ውን ካብ ምዕራባዊ መግዛእቲ ሓራ ወጺኤን ኣብ ልዕሊ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃን ኤሲያን ዝነበረን ጽልዋ ኣብ ምስፍሕፋሕ ከቢድ ጻዕርታት ዘርኣያሉ መድረኽ እዩ ነይሩ፡፡ እዚ ብበእዋኑ እናዓበየ ዝመጽአ ምስፍሕፋሕ፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነት መመሊሱ ኩበእሶን ካልእ ግርጭታት ክፈጥርን ጀመረ፡፡

ኣብ 1991፡ ዴሳዊ ሰልፊ ሕብረት ሶቭየት ጽልዋኡ እናኣቈልቈለን ዝነበሮ ናይ ምቁጽጻር ዓቕሚ እናጥፍኣን መጽአ፡፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብ ታሕሳስ 1991 ወግዓዊ ዝኾነ ምብትታን ናይ ሕብረት ሶቭየት ኣኸተለ፡፡ ኣብ መንጎልያ፡ ካምቦድያ፡ ደቡብ የመን ዝነበረ ዴሳዊ ሰልፍታት'ውን ብተመሳሳሊ ወደቐ፡፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ኣመሪካ ኣብ ዓለም እታ እንኮ ርእሰ ሓያላን ሃገር ክትከውን በቕዐት፡፡ መድረኽ ዝሑል ኩናትን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝመጽአ ፍጻመታትን፡ ኣብ ዓለማዊ ታሪኽ ዓቢ ስንብራት ዝገደፈ እዩ፡፡ ከቢድ ዝኾነ ንቕሎሳዊ ምትፍናን ዝነበሮ ብምንባሩ ድማ፡ ካብቲ ኣቐዲሙ ኣብ ታሪኽ ዝተራእየ ኣሰናዊ ዓለማዊ ውግኣት ዝኸፍአ ሳዕቤን ክየኽትል ዝተሰግኣሉ መድረኽ ምንባሩ'ውን ይዝከር፡፡

ድሕሪ እዚ ዝተጠቕሰ ዓበይቲ ፍጻመታት፡ ነቲ ኣቐዲሙ ተኸሲቱ ዝነበረ ክልተ ቀጽራዊ ስርዓታት ብምኽታም፡ ናብ እንኮ ቀኑጠባዊ ስርዓት ክሰጋገር ኣኽኣለ፡፡ እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዓለማዊ ኩነታት እምበኣር፡ እቲ ድሕሪ 1991 ዝቘመ ብዓብላልነት ኣመሪካ ዝልለ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት እዩ፡፡ ኣብዚ፡ ሓደ ኣገዳሲ ናይ ቀኑጠብ ኣምር ምውካስ ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ እዚ፡ እቲ ካብ 17 ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ተፈላጥነት ክረክብ ዝጀመረን፡ ኣብ 1750ታት ድሕሪ እቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክኸሰት ዝጀመረ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝተቐልቀለ ርእሱማላዊ ቀኑጠባዊ ስነ-ሓሳብ እዩ፡፡ እቲ ቀኑጠባዊ መዳይ ናይ'ቲ ብሊበራላውነት ዝፍለጥ ምዕራባዊ ስነ-ሓሳብ ድማ እዩ፡፡ ርእሱማላዊ ሕብረተሰብ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝኸሰት ኣትሒዙ መልክዑ ዝቐያየረ'ኳ እንተኾነ፡ ብውሽጢ ኣብ ናይቲ ዝበዝሐ ሰራሕተኛ ህዝብን ማእከሎት ደረጃ መሓብሮ ዝነበሮም ክፋል ሕብረተሰብን፡ ዘይፍትሓዊ ቀኑጠባዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ምግላልን ተዛማዲ ድኽነትን ስእነትን ኣኸቲሉ እዩ፡፡ ንመብዝሕትኡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበረ ህዝብታት ዓለም ድማ፡ ጠንቂ ሕሉፍ ድኽነትንን ወጽዓን ኮይኑ፡፡

እዚ ቀኑጠባዊ ስርዓት፡ ዝተፈላለየ ብድሆታት ክገጥሞ ምስ ጀመረ፡ ንዓኡ ንምድሓን ዝተገብረ ፈተነን ነቲ መግዛእቲ ብዝተዘዋወረ መንገዲ ንምቕጻልን ሓድሽ ሊበራልነት (neo-liberalism) ዝብል ኣምር ተቐልቀለ፡፡ ቀንዲ መለለዪ ናይዚ ስርዓት-ቀኑጠብ፡ እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ንረብሓ ጉጅለ ርእሰን ክሰብኮሉ ዝረኣያ ምዕባይ ናጻ ዕዳጋን ብሕታዊ ጽላታትን፡ ምድራት ወጻኢታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ምእላይ ቁጽጽራትን ሕጋጋትን ዕዳጋ. . . ወዘተ ዘጠቓለለ እዩ፡፡ ሓድሽ ኣገባብ ምዝመዛ፡ ርእሰ ማልነት ኣብ ደረጃ በይኑ-ዕብለላ በጺሑ ናብ ውድቀት ገጹ ምስ ኣምርሐ ዝመሃዞ ሓድሽ መግዛእታዊ ሜላ፡፡

ኣብ'ዚ ክንገልጾ ዘለና ሓደ ሓቂ እንተሃልዩ እምበኣር፡ ነቲ ዝተኸስተ ሓዲሽ ዓለማዊ ስርዓት ናይ ምምስራት ጥሙሕን እተኸተልዎ መትከላትን፡ ንምርግጋጽ ዓብላልነት ምዕራባዊ ቀኑጠብ ዘንጸባርቕ ምኽንያት ኣዝዩ ግሁድ እዩ፡፡ እዚ ስርዓት፡ ዋላ'ኳ በዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ተመስሪቱ እንተኾነ፡ ኣብ ዓለም ብዝኸሰቱ ዘሎ ዝተፈላለየ ፖለቲካውን ቀኑጠባውን ለውጥታት፡ ኣብ'ቲ ዝጸንሐ ሚዛን ሓይሊ ዝህልዎ ጽልዋ ደው ኣይበለን፡፡ ብሰንኪ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ዘይተመጣጠነ ቀኑጠባውን ቴክኖሎጅያውን ምዕባለታት፡፡ እዚ እናኾነ ግና፡ ንዝሓለፈ ዓመታት ዓውለማ ዝ. ዘሎ ዓለማዊ ስርዓት ብዝተፈላለየ ኣንፈት ጸጋኡ ኣብ ምጽላው ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ክስተት ምንባሩ ይፍለጥ፡፡

በዚ መሰረት፡ እቲ ዝነበረ ቀኑጠባዊ ሓይሊ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናብተን ኣብ ምምዕባል ዝነበራ ሃገራት ክዝኡ ዝተራእየሉ መድረኽ ክኸሰት ጀመረ፡፡ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ምዕራብ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑዳት በብእዋኑ ቀኑጠባዊ ዝሕታለታት ኪጋጥም እንከሎ፡ ብዘደንቕ ፍጥነት - ከም ቻይናን ህንድን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤስያ ዓቢ ቀኑጠባዊ ዕበየት እናኣመዝገባ መጽኣ፡፡ ከም ብራዚል፡ ሜክሲኮ፡ ማለዥያ ዝኣመሰላ ሃገራት'ውን ተመሳሳሊ ዕበየት ከንጸባርቓ ካብ ዝጀመራ ሃገራት እየን፡፡ ኣመሪካ፡ ዝ. ኣብ 1990 ኣብ መዳያት ቴክኖሎጅያዊ፡ ፊናንሳዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ስነ-ፍልጠታውን ባህላውን ጸፍሒታት ከተንጸባርቖ ዝፈተነት ወፍሪ፡ በብዓይነቱ ዝተፈላለየ ብድሆታት ክገጥሞ ጀመረ፡፡

እዚ እናኾነ፡ ኣመሪካ ብስውርን ግሁድን መገዲ ነቲ ዓለም ናይ ምግባት ስትራተጂኣ ንምዕዋት ካብ ምስራሕ ደው ኣይበለትን፡፡ ብፍላይ፡ ድሕሪ 2001 ንኣህጉራዊ ሕግታትን ማሰል ልኡላውነት ሃገራትን ምሉእ ብምሉእ ምጥሓስ ናተይ ኢላ ክትተሓሓዞ ጀመረት፡፡ ኣይጸንሐን እውን ካብ 2006 ክሳዕ 2010 - ኣመሪካ ኣብ ዕምራ ካብ ዝርአየቶ እቲ ዝዓበየ ፊናንሳውን ቀኑጠባውን ቅልውላው ኣጋጠማ፡፡ ኣብ ጉዕዞ ዘመናዊ ፖለቲካ ድማ፡ ንመላእ ማሕበረሰብ ዓለም ሓደ ሓቂ እናተጋህደሉ መጽአ፡፡ ከም'ቲ ኣብ 1991 ዝተፈላለዩ ምዕራባውያን ፖለቲከኛታት ዝበልዎ፡ 'ታሪኽ ተወዲኡ እዩ...፡ ስነ-ሓሳብ ማሕበርነት ኣብቂዑ...፡ ደጊም ሊበራላዊ ዲሞክራሲ ከም ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ንርእሱማልነት ድማ ከም ቀኑጠባዊ ስርዓት ዝስዕር የልቦን...' ዝበልዎ ዘይረኻ ኣመሪካን ንሳ እትኽተሎ ስነ-ሓሳብን ይንዋሕ ይሕጸር ኣብ ዓለማዊ ስርዓት ዘለዋ ሓዕለዋይ ቦታ፡ ምስ ግዜ እናተዳኸመ ከም ዝመጽእ ዘእምት ምንባሩ እዩ፡፡ ግና፡ ካብ 1990ታት ጀሚሩ፡ ኣመሪካ ክህልዋ ዝኽእል ጽልዋን ዕብለላን ምስ ግዜ እናተዳኸመ ከም ዝመጽእ፡ ብኣንጻሩ ድማ ሚዛን ሓይሊ ናብ ብዙሓ-ቀጽርታት ከም ዝዛዙ ዝገልጽ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ትንተናታትን ትንቢታትን እውን ነይሩ እዩ፡፡

እቲ ክውንነት እዚ እናኾነ፡ ኣመሪካ ኣብ ዓለማዊ መቓን ዘለዋ ቦታ ንምውሓስ፡ ብዘይ ፍትሓውን ዓብላልን ዝኾነ መንገዲ ክትቕልስ ጸኒሓ ኣላ፡፡ ዝተኸተለቶ ቀንዲ ስልትታት ድማ፡ ንረብሓታታ ብጠዋዊእ ዘገልግልን ዝምችእን ዝበሉቶ ሕግታት ምንዳፍን፡ ንዕላማታታ ዘገልግላ ኣህጉራውያን ትካላት ምድንፋዕን ነይሩ፡፡ ሓደ ዓለማዊ ስርዓት ንዋይሕ እዋን ብዘላቕነት ክሰይድ ከተኽእሎ ቀሊል መስርሕ ኣይኮነን፡፡ ከም'ቲ ኣብ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ጽሑፋት ሰፊሩ ዘሎ፡ ምውዳቕ ናይ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ምትንሳእ ናይ'ቶም ካልኦት ተወዳደርቲ ሓይልታት ጥራይ ኣይኮነን፡፡ እንታይ ደኣ፡ ነቲ ከኣ ንዋይሕ ግዜ ብዓብላልነት ክትቅልሶ ምፍታን ዝሓትቶ ጸዓት'ውን ቀሊል ስለዘይኮነ እዩ፡፡

ብኸም'ዚ ንዝመጽእ ውድቀት ንምግታእ - ኣመሪካ ሰለስተ ዓበይቲ ስልትታት ክትክተል ነይርዋ፡፡ እቲ ቀዳማይ፡ ዝነበራ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ምዕባይን፡ ብመገዲ ወተሃደራዊ ኪዳናት ዘለዋ ጽልዋ ድማ ምስፍሕፋሕን ዝብል እዩ፡፡ ካልኣይ፡ ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ዓለማዊ ባንክን ዝኣመሰሉ ኣህጉራውያን ትካላት ብዐምሰራት ንመትከላታን ፖሊሲታታን ከም ዝጻዱ ምግባር፡፡ እቲ ሳልሳይ ድማ፡ ረብሓታታ ክሕልዋላ ምስ ዝኽእላ ሃገራት ድልዱል ናይ ሕሽኽ ኩሓኸኻ ዝምድና ምምስራት ዝብል ነይሩ፡፡ ብኸም'ዚ ዝበለ ሜላታት ኣመሪካ ብዘውሓደ - ግና ኸኣ ዝተራቀቐ ስልትታት ዝሓቘፈ ስትራተጂ፡ ካልኦት ሃገራት ነቲ ንሳ ዝሃንጸቶን ክሀሉ እትደልዮን ዓለማዊ ስርዓት ኣብ ምድጋፍ ዓቢ ተራ ክጻወታ ተብሃሓተት፡፡


ስነ-ሓሳብ ርእሱማልነት ንምስራር ካብ ዝገበር ስጉምቲ፡ ብቐዳምነት ዝሰራዕ ሜላ ናይ 'ዕብለላ' ስልቲ እዩ፡፡ እዚ ዕብለላ ዝኾነ ሓይሊ ዝጻወቶ ቀንዲ ተራ፡ ነቲ ስነ-ሓሳብ ኣብ ካልኦት ሃገራት ብምስራጽ ናብ ረብሓ ናተን ንምቕያር ዝዓለመ ኮይኑ፡ ዝ. ስነ-ሓሳብ ዝጻረር መርገጺ ዝውንና ሃገራት ድማ፡ እንተሰ ብጦጎጽ እንተሰ ብጠበሪ መንዲ፡ ስርዓት ናይ ምሓዝ ኣገባብ ዝጥቀም ስተራተጂ እዩ፡፡ ዝ. መብዝሕትኡ ግዜ ንረብሓ ናይተን ዓብለልቲ ሃገራት ጥራይ ዘገልግል ዓለማዊ ስርዓት፡ ተጻራሪ መርገጺ ዘለወን ሃገራት ድማ ህላወአን ከረጋግጻ ካብተን ከቢድ ዋጋ ዝኸፍላ ሃገራት ናይ ምኻን ዕጫ ይገጥመን፡፡ ወግሐ ጸብሐ ናይ ጸለመ ሰያመን ፕሮፓጋንዳን ምዝሐ፡ ብተደጋጋሚ ናይ እገዳ ጸቕጥታት ምንባር፡ ክሳዕ ኣብ ከቢድ ግርጭት ወይ ኩናት እናኣእተኻ ናይ ምድኻመን ኣገባብ ምጥቃም - ከም ቀንዲ መሳርሒ ናይ ዕብለላ ስልቲ እዩ፡፡

እዚ ስልቲ'ዚ፡ መለለዪ ናይ'ዚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትጥቀመሉ ሜላ ጥራይ ኣይኮነን፡፡ ንዝሓለፈ ሓሙሽተ ዘመናት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንርእሱ-ማልነት ህላወኡ ከውሕሰሉ ዝኸኣለ ኣገባብ'ውን እዩ፡፡ ኣብ ታሪኽ፡ ካብ 16ን 17ን ክፍለ-ዘመን ጀሚርና ምስ እንወከስ፡ ርእሱማልነት፡ ኣብ ዓለም ዝለዎ ጸጋታት ንምግባት ዝዓለመ ቀንዲ ፖሊሲ ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ህሉው ዓለማዊ ክውንነት እንተ ረኣና'ውን፡ እዚ ኣገባብ ነቲ ኣብ መንጎ ሃብትን ሓይልን ወይ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘሎ ዝተጠናነገ ዝምድና፡ ከም ቀንዲ መግለጺኡ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ናይ ምዝመዛ ሜላ እዩ፡፡ እዚ እንተሰ ብሰናይ ፍቓድ ናይ ሃገራት ወይ'ውን ብሓይሊ፡ ዝግበር መሳርሒ ዕብለላ ምስ ዘይህሉ፡ ርእሱማልነት ከም ስነ-ሓሳብ ክሰርረሉ ዝኽእል መገዲ የለን፡፡

ምኽንያቱ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ምንጪ ሃብቲ ናይዘን ሃገራት ናይ ጉጅለ ርእሰን ጸጋታት ዘይኮነ ናይ ካልኦት ሃብቲ ብምውራስ ጥራይ ክፍዕብጥ ዝኽእል ስለዝኾነ፡ ናይ ካልኦት ሃገራት ሃብቲ ክትወርስ ምኽኣል ድማ፡ ኣቐሊልካ ዝርአ መስርሕ ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ብዝተራቐቐ ወይ ብጠኒጻዊ መገዲ ጥራይ ክዉን ንምግባሩ ይሕልን፡፡ እዚ ድማ፡ ንሚዛን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ርእሱማላዊ ስርዓትን ሓደ ዝተሓላለኸን ዘይንጸጸልን ኣምር ከም ዝኸውን ይገብሮ፡፡ ኩናት ምስዋር፡ ምንጻል፡ ጸለመ. . . ዝኣመሰሉ ተግባራት እምበኣር፡ ካብ 16 ክፍለ-ዘመን ጀሚሮም ክሳዕ እዚ እዋን'ዚ - ካብ'ቶም መተካእታ ዘይብሎም ቀንዲ መሳርሒ ናይ ዕብለላ ስርዓት እዮም፡፡

እቲ ካልእ ኣገዳሲ ስትራተጂ ዓብለልቲ ባህሊ ከም ሓደ መሳርሒ እናተጠቐምካ፡ ኣብ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣቃውማ ናይተን ክምዝመዛ ዝድልያ ሃገራት ሓድሽ ዝኾነ መረዳእታን ንቡርን ናይ ምስራጽ ኣገባብ እዩ፡፡ እዚ ከኣ፡ ብመንገዲ ዝተፈላለያ ኣህጉራውያን ዘይመንግስታውያን ትካላት ግብራውነት ይለብስ፡፡ እዘን ብስም ሰብኣዊ ሓገዛት ወይ ካልእ ልምዓታዊ መደባት ኣቢለን፡ ኣብቲ ንረብሓአን ዘገልግል ዞባታት ወይ ሃገራት ምስ ተደኮና፡ ከም ቀንዲ መሳርሒ ናይ'ቲ መዝመዚ ስርዓት ኮይነን የገልግላ፡፡

ይቕጽል






# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት


# ምስ ዓበኻ

ናይዚ ሓሳብ መበገሲ ሓደ ፊላጢየይ እዩ። ኣብ ሓደ ልሙድ ኣጋጣሚ ንሓደ ብቐረባ ዝፈልጦ ቈልዓ “ምስ ዓበኻ እንታይ ኢኻ ትኸውን?” ክብል ሓቲትዎ። እቲ ቈልዓ ዝተሓተቶ ምስ መለሰ፡ ንሱ’ውን ብግደኡ ሓቲቱ። “ንስኻኸ ምስ ዓበኻ እንታይ ኢኻ ትኸውን?” ኢልዎ። በቲ ዘይተጸበዮ ናይ ሕቶ ኩርናዕ፡ ፊላጢየይ ግር ኢልዎ። እዚ ሕቶ ንቘልዑ ጥራይ ዝሕተት ገይሩ ይሓስቦ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ሓደ ሳንዱቕ ኣእትዩ ኣብ ርሒቕ ዝበለ ኣቐሚጥዎ ነይሩ። እቲ ቈልዓ ኸኣ ናብታ ዝሓለፈት ናይ ቍልዕነት ዓለሙ ጎቲቱ ዝመልሶ ዝነበረ ኮይኑ ተሰሚዕዎ፣ ደስ ኣይበሎን። ቍልዕነት ስለ ዝጸገበ ድዩ ናይ ምምላስ ቀቢጹ-ተስፋ ስለ ዝጸገበ’ኳ እንተ ዘይፈለጥኩ፡ ነታ ሕቶ ኣብ ዝሰምዓሉ ግዜ ከቢድ ስንባደ ከም ዝወደቖ ኣይሓባለይን። ኣርፊድካ ከም ዝፍታሕ ሕልሚ፡ ካብ መዓሙቑ ናይታ ሕቶ ኣገዳሲ ናይ ህይወት ሓቂ ንምርካብ ዓቲቡ ክሓስብ ዝጀመረ ግን ጸኒሑ’ዩ ነይሩ። ድሕሪ ገለ ወቕቲ ንዓይ’ውን ጸንበረኒ።

እቲ ካብቲ ሕቶ ህሩግ ኢሉ ዘወጽእ ናይ ፈለማ ሕቶ፡ “ምስ ዓበኻ እንታይ ኢኻ ትኸውን?” ዕድመ ፈሊኻ ምልዓሉ ንምንታይ ግድን ይኸውን? ነቶም ንምንባር ኣሃዱ ዝብሉ ዘለዉ ቈልዑ፡ ካብ ሞንጎ እቲ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ብዙሕ ምርጫታት ንዕኦም ዝኸውን ፈልዮም ንኽልዕሉ እንተ ሓጊዝዎም፣ ነቶም ድሮ ኣብ ናይ ምንባር መስመር ኣትዮም ዘለዉኸ ብዛዕባ እቲ ብሕጂ ዝሕልፍዎ ህይወት ከነቓቕሖም ኣይክእልንዶ? ዝወደቑ ወይ ዝተጓሕፉ ነገራት ዳግም ብምምስራሕ ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ እንተ’ለዉ፡ እቶም ናይ ቀደምን ተራን ዝመስሉ ዛዕባታት’ውን ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕልሉ ምኽንያት ኣይክህሉን’ዩ። ፍልስፍና ወይ ጥበብ ማለትከ እዚዶ ኣይኮነን?

“ስለ እንኣርግ ኣይኮንናን ምጽዋት እነቋርጽ፣ ምጽዋት ስለ እነቋርጽ ኢና እንኣርግ፡” ዝበለ በርናርድ ሾው ሓቁ እዩ። መብዛሕትኡ ዓብዩ ኢሉ ዝሓሰብ ሰብ ካብቲ ዝለመዶ ህይወት ዝበለጸ ካልእ መንገዲ ክደሊ ኢሉ ዘይምፍታኑ፡ “ምዕባይ ኣቋሪጸ’የ፡” ኢሉ ብምሕሳቡ ይመስል። በዚ ምኽንያትዶ ኣይኮነን ብዙሕ ሰብ ነቲ ዘሰልቸዎ መንገዲ መሊሱ መላሊሱ እናረገጸ ኣብ ህይወቱ ጣዕሚ ዝስእን? ምዕባይ ግን ክሳብ ገለ ክፋል ናይ ዕድመ ጥራይ ዝጸንሕ ስንቂ ድዩ?

ዕቤት፡ ምስ ግዜ ዝገሃድ ዝሓሸ ለውጢ ማለት’ኮ’ዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ግዜ ኣብ ውሽጥና ዝፍረዩ ሓደሽቲ ዋህዮታትን ዝገብርዎ ለውጢን ኣሎ። እዚ ኸኣ ምስ ካብ ዕለታዊ ህይወትና እንረኽቦ ተሞኩሮ፡ ልቦናን ፍልጠትን ተደሚሩ ንኽንዓቢ ይሕግዘና። ኣብቲ ዝተርፍ ናይ ህይወት ግጥም እንዕጠቐ ጥበብ እናሰሰነ ስለ ዝመጽእ፡ ናብ ዝበለጸ ናይ ምንባር ደረጃ ንምስግጋር የኽእለና።



ብርግጽ ዕድመ ንእስነት እቲ ዝበለጸ ሓይሊ ዘለዎ ዕድመ’ዩ፣ ምስ ሓለፈ ግን ዝሓሸ ሰብ ንምዃን እቲ ማዕጾ ዝሸጎር ኣይኮነን። ኣብ ዛንታ እቲ ብልሓተኛ ራዛ ከም ዝነገር፡ ሓደሽቲ ጥበባት ንምምዕባልን ናብ ግብሪ ኣውዒልካ ለውጢ ንምምጻእን፡ ሓሲብካ ንምብጋስ ግዜ ጥራይ’ዩ ዘድሊ። ምኽንያቱ ወዲ-ሰብ ክሳብ ዝመውት ክነብር ዝኽእል እንተ ኾይኑ፡ ክሳብ ዝመውት ናይ ለውጥን ምምሕያሽን ዕድላት ኣለውዎ። እዚ ማለት ናይ ምዕባይ ዕድል’ዩ። ንሎሚ ካብ ትማሊ ብዝሓሸ መንገዲ ዝነበራ ሰብ’ውን ‘ዝዓቢ ዘሎ ሰብ’ ንምባል ዘይበቅዕ ኣይኮነን።

ኣብ ዓለም ግን መብዛሕትኡ ግዜ እዞም ክልተ ዓይነት ሰባት ኣለዉ። እቶም ናይ መጀመርታ ከም ቁመቶም፡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ምዕባይ ዘቋርጹ’ዮም፤ ንድኻሞም ከም ውቃጦ ተሰኪሞሞ ይነብሩ፣ ንዝተረፈ ህይወቶም ብዘይ ዝኾነ ለውጢ ይሓልፍዎ፣ ሓደስቲ መዓልታትን ዓመታትን ካብ ዓውደ ኣዋርሕ ዝሓልፍ ለውጢ ዘይብለን ቅዳሕ ትማሊታት ይኾናኦም፣ ምንባር ንዝህቦ ናይ ምዕባይ ጸጋ ኸኣ ብዓይኒ ማዕዶ ይርእይዎ። ከምዚ ንዝበሉ ሰባት ካብ ሕሉፍ ዝበልጽ ግዜ የለን። እቲ ናይ ርሑቕ ትዝታ፡ ከም ካብ ፈታዊ ዝመጽአ ደብዳቤ እናኣመላለሱ ርእዮም ናብ ሰፈሩ ይመልስዎ’ሞ ንሳቶም ምስ ቀዛነት ይተርፉ።

እቶም ካልኦት ዓይነት ሰባት፡ ከም ጽፍሮምን ጸጕሮምን እናዓበዩ ዝነብሩ እዮም። ትማሊ’ኳ ጽብቕቲ እንተ ነበረት፡ ካብ ትማሊ እትበልጽ ሎሚ የሕልፉን ንዝሓሸት ጽባሕ ከኣ ይትስፈዉን። ኻሊል ጂብራን ዝተባህለ ገጣምን ፈላስፋን ናይ ሰብ መምዘኒ ረቛሒ እንክገልጽ፡ “እንታይነት ናይ ሰብ በቲ ዝገበሮ ዘይኮነ በቲ ክገብሮ ዝደሊ’ዩ ዝግለጽ፡” ይብል። ምኽንያቱ፡ ዋላ’ኳ ብዝበጻሕካዮን ብዝረኸብካዮን ምምስጋንን ምዕጋብን ጽቡቕ እንተ ኾነ፡ ኣብኡ ጥራይ ምንባር ግን ዝሓሸ ናይ ምዃን ስምዒት ይደቁስ። ናይ ህይወት ትርጉም’ውን’ኮ ከም ጸጕርኻን ጽፍርኻን እናወሰኽካ ኣብ ምንባር’ዩ።

ምእራግ፡ ምምሽማሽ ወይ ምብልሻው ማለት ከም ዘይኮነ ካብ ዘርእዩና ሰባት’ውን እዞም ምዕባይ ዝሓስቡ እዮም። ኣብቲ ዝኣርጉሉን ብጉልበት ከኣ ዝደኽሙሉን እዋን እንተ ኾነ ብዓቕሞም ክገብርዎ ዝኽእሉ ዝሓስቡን ዝገብሩን ይኾኑ። እቲ ዝጀመርዎ ናይ ዓወት መንገዲን ዛንታኦምን ንተካእቲ ወሎዶታት ይነግሩ። ካብ ዛንትኦም ዝልብምን ዝነቓቓሕን ወለዶ ስለ ዘሎ ኸኣ፡ ዋላ’ኳ ኣካሎም ኣብ ትሕቲ መሬት ይስፈር፡ ሓሳባቶም ኣብ ኣድማስ ብኽብሪ የንሳፍፍ።

ምንባር ማለት ኣብ ሞንጎ እዞም ምዃንን ዘይምዃንን ዝብሃሉ ክልተ ሓቅታት ዝግበር ቃልሲ’ዩ። እቲ እትደልዮ ምስ ዘይትኾኖ፡ እቲ ዘይትደልዮ ናይ ምዃን ግዴታ ኣሎ። እቲ ዝሓሸ “ምዃን” ዝኽኣለ ሰብ ከኣ ዕውት’ዩ። እሞ ምስ ዓበኻ እንታይ ኢኻ ትኸውን?

ሙሴ ብርሃነ

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ኣተናኘ ደረት ጠመተኘ

ዕድል ግበር ኢሉኒ፡ ኣብ ሩባ ሞቱ - ኒውዚላንድ፡ ክልተ ግዜ ክጅልብ ክኢለ ነይረ። ኣብቲ ናይ ኣርባዕተ መዓልቲ ዑደተይ፡ ኣብቲ ሰሜናዊ ክፋል እታ ደሴት ዝርከብ ጭው ዝበለ በረኻ፡ እናጀለብኩ ሰንጢቐዮ። እቲ ብጃልባ ዝተገብረ ጉዕዞ ብጉጅለ ኢና ኣካይድናዮ።

ኣብ ቀዳማይ ጉዕዞና፡ ነቲ ጉጅለና ዝመርሖ ባዝ ዝብሃል ሓደ ኣሜሪካዊ’ዩ ዝነበረ። ባዝ ብኢድካ እናጀልብካ ዓብይትን ሓደገኛታትን ሩባታት ብምስንጣቕ ብዙሕ ተመኩሮ ነበሮ። ኣብ ተመኩሮኡ ዝተመርኰሱ ብርክት ዝበሉ ዛንታታት ነበሩዎ። ንኽም ብዓል ባዝ መራሕቲ ሒዝካ ንመንጫዕጫዕታትን መንሸራተትን ሩባ ሞቱ ዘፍርሕ ኣይህሉወካን።

ቀዳመይቲ ቅድሚ ቀትሪ ቅድመ ምድላዋት ገበርና። መጋሕፈል ከመይ ገይርካ ትቐዝፈሉ ወይ ትጅልበሉ ኣጥዊኻ ክምለኽ ነበሮ። ብዓቢኡ ግን ብመራሒ ንዝወሃብ ትእዛዝ ብዘይ ሕቶ ተቐቢልካ ከተትግብር ዝኽእል ዲስፕልን ምህላው ቀዳምነት ይስራዕ። ምኽንያቱ ኣብቲ ፊፍ ዝብል መንሽሓትሖን መንጫዕጫዕታትን እቲ ሩባ ንእሽተይ ጌጋ ከተጋጥም የብላን። ባዝ፡ ካብቲ ከም ብርቱዕ ፋብሪካ ዝግዕር ወሓዚ፡ ድምጹ ዝያዳ ኣበሪኹ ትእዛዝ ምስ ሃበ ብቐጥታ ክትትግበር ነበራ።

ባዝ፡ ዓው ኢሉ እናገዓረ፣ ምስቲ ቅልጣፈን ለመምታን፡ ምስ መንሻሕታሕትሖን መንጫዕጫዕታኡን እናተቓለስና ንሩባ ሞቱ ተቘጻጸርናዮ። ባዝ ልዕሊ እቲ ቡፍቡፍታ እታ ሩባ ድምጹ ኣበሪኹ ትእዛዝ ክህብ እንከሎ፡ መቕዘፊና ንትእዛዙ ተሰማምዮ። ጃልባና ልክዕ በቲ ባዝ ዝደልያ ቦታ ክትጓዓዝ መራሕናያ። መወዳእታኡ ተዓወትና! ነቲ “ፍጹም ዝሰግረኒ የለን፡” ኢሉ ብመጻወድያ ከጥሕለና ዝተቓለሰ ሩባ ሞቱ ሰዓርናዮ። ጽቡቕ ተሰምዓና፣ ክሳድ ሞቱ ረጊጽና ደው ዝበልና ግላድያቶር ዝኾና ጠዓመና። ምስጢርን ንግስነትን ሞቱ ዝሰዓርናዶ



ኸ ኣይኩናን!

ንሞቱ ሓንሳእ ስዒርናዮ ክንከይድ ኣይደለናን። ዋላ ሓንቲ ከም ዘይኩነ ኣርኢናዮ ክንከይድ ሓሳብና። ንጽብሓይቱ፡ ጃልባናን መቕዘፊናን ጠራኒፍና ተቐረብና። ኣብዚ ካልኣይ ጉዕዞ ዝተመኩርኩዎ ግን መዘና የብሉን። ኣብዛ ጉዕዞ ክመርሓና ዝመጽአ፡ እቲ ንዓርሞሽሽ ሩባታት ገጢሙ ዝተዓወተ ኣሜሪካዊ ባዝ ኣይኩነን። ኪዊ ዝብሃል’ዩ ክመርሓና። ኪዊ ትሕት ዝበለ ድምጺ ዘውንን ጥዑም ሰብ ነበረ። ኣብ ጽምዋ ቦታ’ኳ ክትሰምዖ ትሸገር ድምጺ፡ ኣብቲ ዓዕ እናበለ ዝግዕር ዋሓዚ ሩባ ሞቱ ኣቲኻ ድምጹ ኸመይ ኢሉ’ዩ ክሰማዕ ደንጸወና። እቲ ትማሊ፡ ብደሃሊ ድምጺ ባዝ ከምኡ’ውን ትእዛዙ ብልክዕ ዝተግብር ቀዛፊን ኣእዳውን ኣላፊንና ማይ ዘበልናዮ ሩባ ሞቱ ሕነኡ ከይፈዲ ስክፍታ ወረረና። ሞፍቶ ጸላኢና ከይንኸውን ዝተሰመዓና ስክፍታ ሓንጊርና ምጅላብ ጀመርና።

ኣብቲ መጀመርታ በቲ ትሑት ድምጹ ክመርሓና ጀመረ። ኣብታ ቀዳመይቲ መንጫዕጫዕታ ገጽና ክንቀርብ ምስ ጀመርና፡ ድምጺ እቲ እናኣንሸርተተ ዝጸድፍ ዝነበረ ወሓዚ በርትዐ። ኪዊ ድምጹ ኣክንዲ ዘውስኽ፡ እታ ፍሽኽታ ዘይፍለያ ገጹ ዝያዳ ኩልዓ። ኣብቲ ህሞት ምህላው ኣመና ኣሐጕሶ። ነቲ ትርኢት፡ ድምጺ ወሓዚ፡ ኣብቲ ወሓዚ ዝፍጠር ሕምብሊልታ፡ ኮታ ንኹሉ ብህድኣት የስተማቕሮ ነበረ። ዝግዕር ሰብ የለን፣ ዝሰራሕ ድራማ የለን፣ ሰዓሪ የለ ተሳዓሪ፣ በቃ ኪዊ ነቲ ሩባ የፍቅሮ’ዩ።

ንነፍሲወከፍ መንጫዕጫዕታ ክንሰግሮ ክንቃለስ እንከለና፡ ከምቲ ቀዳማይ ጉዕዞና ክውሕጠና ንዝደለየ ጸላኢና ነጕስጦ ከም ዘለና ገይርና ንሓስቦ ኣይነበርናን። በቲ ጽባቐ ዝተባረኽና ኩይኑ እናተሰመዓና ንጅልብ ነበርና። እቲ ሩባ ጸላኢና ዘይኩነ ዓርኪና ኩነ። ኪዊ ኸኣ መራሒና ዘይኩነ፡ ብተምሳጥነትን ግንዛበን ካባና ኣዝዩ ዝማዕበለ ሰብ ደኣ ነበረ። እቲ ኣብ ቀዳማይ ጉዕዞና ዝተመኩርናዮ ወጥሪ፡ ኣብዚ ምስ ኪዊ ዝጀለብናዮ ብስሓቕን ደስታን ተተክአ።

ሩባ ሞቱ፡ ብቡብታ ድምጹ ክውሕጠና ዝህንደድ ዝነበረ ዝመስለና ዝነበረ፡ ኣደኡ ከም ዝረኣየ ህጻን ብምምጻእና ተሓጒሱ ዘዘልል ዝነበረ መሰለና። ኪዊ ኣብታ ጃልባ ጎቦ ኰይኑ፡ በብሓደ ክንመርሕ ዓደመና። እንገብራ ንእሽተይ ጌጋ፡ ከም ዝቐደመ ብዋጋ ህይወትና ዘይኩነት፡ ዋሕዲ ተመኩሮና ንስሕቕ ደኣ ነበርና። ንምስጢራት ሞቱ ክንርድኦን ክነስተማቕሮን ጀመርና። ድምጹ ንሰምዖ፡ ቀዲምና ዘየስተውዓልናሉ ጠገለ ዘይብሉ ጽባቐታት’ውን ተዓዘብና። ኣብ መወዳእታ እቲ ጉዕዞ፡ ብዘይካ ንገዛእ ርእስና ዝሰዓርናዮ ጸላኢ ኣይነበረን።

እቲ ኣብ ክልተኣን ጉዕዞ ዝነበረ ኣከባቢ ሓደ ዓይነት’ዩ ነይሩ ክትብል ዘየድፍር ኩነ። እቲ ፍልልይ ኣብ ኣተናናን ደረት ጠመተናን ነበረ።

Inspirationalstories.com

# ሩፍታ

## ድሕሪ እተን ቀለቤት. . .

ማህሌታይ ያሬድ

ራብዓይ ክፋል

ጉድጓድ ምስ ፈሓርና፡ ቅድሚ ሓመድ-ኣዒም ምልባሱ ኣጠበ ተጠሊዓ ኣልቀሰት። ነተን ክልተ ቀለቤት ድማ ኣብ ልዕሊ ኣዕጽምቲ በዓልቤታ ኣንበረተን። መሊሳ ካብ'ቲ ሓመድ ዕሙ'ኽ ኣቢላ ኣብ ልዕሊ ኣዕጽምቱ ፈይ ኣቢሉቶ'ሞ "ቢቃ ሕጂ ሓመድ ኣዒም ኣልብሶዎ" በለትና።

ያሲን ባዴላ ጊዩሩ ክደፍና ምስ ጀመረ፡ ንሕና ግን እቲ ካትም ምቕባሩ ትርጉም ከም ዘይብሉን ንዓኣ ክሰራ ምኻኑን ስለ ዝሓሰብና ኣይተዋሕጠልናን። ቢንያም ከኣ "ኣቢ. . . ወርቂ'ኳ እዩ! እንታይ ትርጉም ስለዘለዎ ኢኺ ከምኡ ትገብሪ ዘለኺ?" ክብል፡ መኻሕቲ ዝተሓወሶ ሕቶ ኣቕረበላ። "ክጽ'ቲ ወርቂ ተሰኪምዎ ዘሎ ኣርዑት ኪዳን ይዓቢ፡ ወርቂ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን" ኢላቶ፡ ኣብ እምኒ ረሞቐ ኢላ ኮፍ በለት። መለሱ ያሲን "ስለ'ዚ እንታይ ማለትኪ ኢኺ? መብጽዓኺ ፈጺምኪ ኣለኺ። ካብኡ ንጸወ ግን ትርጉም ዘለዎ ኣይመስለንን" ክብል ገሰለ።

"ካልእ ምዕራፍ ናይ ህይወተይ ክየገጽል እንተኾይኑ ግድን ጸረይ ከራግፍ ኣለኒ። ኣነ ንእሽተይ እየ። ምስ ሓወይን ወዲ ዓደይን ናብራ ክዝብር እደሊ ኣለኹ። ምስ ዘሪሁን ከኣ ቃል ተኣታትየ እየ። ቃልኪዳን ከኣ ቃልኪዳን እዩ። ስለ'ዚ እየ ኸኣ ናብ ዘይፈልጦ ዓድን ጭው ዝበለ በረኻን ዝመጻእኩ" ብምባል፡ ነቲ ናይ ቃልኪዳን ኣዋርቓን ናቱ ንብረቱን እናርኣየት ክትቕዝኖ ከም ዘይትደሊ ኣብረሃትልና። እዚ ምስ በለት፡ ዋላ'ኳ ከም ዕሸት ኹይኑ ይስመዓና እንተነበረ፡ ካብና ዝመልሶ ሰብ ኣይነበረን። ብበውሽጥና ነቲ ዝወሰደቶ ስጉምቲ እናኣሰላሰልና ወራይ ምቕባርና ቀጸልና። ኣበ'ውን እናተኻኸኾት ግልብጥ ኢላ፡ ናብ'ቲ ኣቀኑሑ ቡን ዘዳለወትሉ ጸላል ገረብ ከይዳ ኮፍ ኢላ።

ዕምግና ምስ ወዳእና፡ ዳኒኤል፡ ካብ'ተን ስርዓት ደርግ ሓዲጊወን ዝኸደ መካይን ንላዕታ ዝመስል ሓጺን ሐዙ ብምምጻእ፡ ነቲ መቓብር ምልክት ገበረሉ። ከም ደሊታ ብምግባርና ኩላትና ዕጉባት ኢና ነይርና። ከም ዝኸ'ነ ወዲ-ሰብ እምበር ከም ጸላኢ ከይተሰማዓና ብርሀራሄ ንዝብሮ ምንባርና ይስመዓ ነበረ።

ኮፍ ኢልና ቡን እናሰተና ከለና "ስሚ'ስከ ኣበ" በላ ዳኒኤል፡ "ኣቤት ዲ ሓወይ" በሉቶ ፊውሲ ጨና ኢላ ኣረቂ እናዓደለትና።

"ክኸይድ ከሎ ተፋኒዩኪዶ ነይሩ?" ክብል ሓተታ።


"ኣይተፋነወንን። ክበርመካ ሽው መዓልቲ ኣብ ካሽሎ ኹይኑ ክዓውንቲ እየ ዝሓጽብ ነይረ። ሃንደበት መጺኡ፡ ሽሉብገሉብ እናበለ ንውሽጢ ገዛ ኣትዩ። ኣነ ኣይተገደስኩሉን። ሰቕ ኢለ ኣብ ሕጽቦይ ጥራይ ኣድሂበ። ክልተ ግዜ ኣብ ኣፍልዓት ኹይኑ ቀው ኢሉ ክጥምተኒ ከሎ ጋሻ ነገር ኩይኑኒ። ኣብ ኢዱ ሽጉጥ ሐዙ ነይሩ። ኣነ ኸኣ ብውሽጠይ "እንታይ ኹይኑ ደኣሉ ሽጉጥ ሐዙ" ኢለ እፈርሕ ነይረ። ደሓር ግን 'መጻእኩ' ኢሉኒ ወጺኡ።

ንሱ ምስ ከደ ገዛ እንተ ኣተኹ፡ ኣብ ልዕሊ ኮሞዲና ናይ ዓራት፡ ክልተ ወርቂ ሰንሰለት፡ ክልተ ዝበጠን ናይ ቃልኪዳንና ካቲሙን ከምኡ ድማ ሰለስተ ሽሕ ብር ዝኸሉና ገንዘብ ጉዲፉለይ ከም ዝኸደ ፈለጥኩ። ነገሩ ጋን ኹይኑኒ። ከም'ዚ ዘይምለስ ኹይኑ ስለ ዝተሰመዓኒ ክጽሉል እየ ደልየ። ክርክቦ ኢለ ኣሕላይ

ኣልዒለ ብጉያ ናብ ቃኛው እንተኸድኩ፡ ክርኽቦ ኣይከኣልኩን። እናንብዕኹ ናብ ገዛይ ተመለስ" ክትብል ንሕቶ ዳኒኤል ብስፉሑ መለሰትሉ።

ቡን ተሰቲዩ፡ ነተን ናይ ቃል ኪዳን ቀለቤት ምስ በዓልቤታ ዘሪሁን ሓመድ-ኣዒም ኣልቢሳ ምዕራፉ ዓጽያ። ድሕሪ'ዚ ንካዕላይ ሕቖኣ ሂቡ ናብ ኣቐርደት ተመሊሱ።

ኣነ ስርሒይ ምስ ዛዘምኩ ምስ ኣጦ ብሓንሳብ ናብ ኣስመራ ንኽንድይብ ካብ'ቲ ኣዕሪፍናሉ ዝቖኽና ገዛ ኣቦላትና፡ ብዳኒኤል ያሲንን ተሰኒና ወጺእና። ኣብ ሚኒባስ ምስ ደየብና ድማ ያሲን ናብ'ታ ብጸግዒ ኮፍ ኢላ ዝበረት ኣጦ ቅርብ ኢሉ "ኣቦ ዝደለኽዮ ዕላማ ስለ ዝዘረምኪ ቀሲንኪ ክትነብሪ ተሰፋ እገብር። ኣይትሕመቒ ኢኺ። ንኹሉ ሕሉፍ ህይወትኪ ረሲዕኪ ሓድሽ ናብራ ክትምስርቲ ጥራይ እየ



ዝምዕደኪ" ክብል፡ ብስላምታ ተፋነዋ። ዳኒኤል እውን ብወገኑ፡ "ከምኻ ዝበለት እምንቲን ፈቃርን ጓል-ሄዋን ገጢምትኒ ኣይትፈልጥን። ብዘኸኑ ኣይትሕመቒ። ኣስመራ ምስ መጻእና ክንራኸብ ኢና" ኢሉ ብምድፍናቕ ተፋነዋ።

ንሳ እውን ኑዩም ብኢጋጣሚ ምስ ረኸቡዩም ኩሉ ዝከኣሎም ዘበለ ዝሓገዙዋ ሰብት ብልቢ ኣማስጉኑዩም። ሕንቕንቕ እናበለት፡ ኣብ ካሕሳኦም ንኽትውዕል ተመኒያ።

ሚኒባስ ብሮስ ክትብል እንከላ ኣቦ፡ ሕሉፍ ናይ ፍቕርን ሓዳርን ህይወታ ግዲ ዘከረ፡ ታሕታይ ከንፈራ ብሰና ገዩራ ድሕሪ ምንካስ ሕንቕንቕ በለት። በቲ ሓደ ወገን ሩፍታ እናተሰመዓ በቲ ካልእ ድማ ሕሉፍ ትዝታታት ተጻዒና ምንባራ ከለንትናኣ ይኖግር ነበረ። ሚኒባስ ናብ ኣስመራ ገጻ ምስ ነቐለት፡ ክልተና ኣብ ዓሚቝ ስምዒት ከም ዝጡሓልና ክንመስል ኣይተዘራረብናን። ካብ ከተማ ኣቐርደት ወጺእ ክንብል ከለና፡ መራሒ-መኪና ናይ ልባ ዝፈለጠ እኳኮማሲሉ፡

"ኣንታ ሓወይ ንዓ ናባይ
ከዕልል ኣብ'ቲ ገምገም ቀላይ
ተኸሊ ወይኒይ ብሌን ዓይነይ
ምሳኻ'ያ ዘላ እታ ውላይ
ከይዕልል ብዘዕባ ፍቕርና
ኹይኑናዶ ሓወይ ተጣሊምና
ምኽኣል ስኢ'ኸ መሪሩኒ
ተኸሊ ወይናይ ደሃይካ ሃበኒ. . ."

እትብል ደርፊ ምስ ወልዓ፡ ኣቦ፡ ንዓይ ለኪማ መሊሳ ናብ ህልም ዝበለ ዝኸሪን ሓሳብ'ና ገጸሳ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነተ-ኣእምሮ ከለና ኢና ድማ ከይተፈለጠና ከረን ዝኣተና። ኣብ ከረን ሓደት ሰዓታት ድሕሪ ምዕራፍ፡ ኣማሲያና ብጥልእ ኣውቶቡስ ናብ ኣስመራ ነቒልና።

ዓዲ-ኣበይቶ ሓሊፍና፡ ከበቢ ሰታደዮም ኣስመራ ምስ በጻሕና፡ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝሓሰበኩ እንድዒ "ሕጂ ናበይ ኢኺ ክትከዲ?" ክብል ተወከሰያ።

"ንስኻ እምበር ናበይ ኢኻ?" ክትብል ድማ ንሕቶይ ብሕቶ መለሰትለይ። ኣቦ፡ ኣብ ጉዕዞና ሓዳር ከምዘይብለይ ብጠርህይ ኣዕሊለያ ስለዝነበርኩ፡ ምናልባት ካብኡ ተጠሲሳ ክትከውን ትኽእል ዝብል ሓሳብ ስለ ዝመጽኣኒ ብሕቶኣ ኣይተገረምኩን። "ናብ ገዛይ እምበር ናበይ ድኣ!" ድማ በልኩዋ ናብኣ እናጠመትኩ።

"ኖኖ. . . ሎሚ ግድን ብሓንሳብ ገዛይ ኢና ንኸይድ። ተደሪርካ ቡን ትሰቲ. . ."

"ደሓን ሎሚ ገዛይ ክኣቱ እየ። ግዜ ስለዘሎ ሓንቲ መዓልቲ ገዛኽም መጺአ ከዕልል ኢና" ክብል ከለኹ፡ ብቖለሉ ሕራይ ኢላ ትሰማማዕ እዩ መሲሉኒ ነይሩ።

"እንታይ ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ፡ እዚ ደኣ ዘይከውን! ንስኻ መጻኺ ጀጊሕካ ኣለይ መሊይ ዝበልካ የብልካን። ንዓይ ከኣ ደስ ምእንቲ ክበለኒ ብሓንሳብ ገዛ ክንከይድ ኢና. . ."

ብዘተኻእሊ መጠን ምስኣ ክኸይድ መደብ ከም ዘይብለይ ከእምና ፈቲነ። ንሳ ግን ኣብ'ዚ ጉዳይ ብቐለሉ ትገድፍ ኹይና ኣይጸንሓትንን።

ከም'ቲ "ብውሑድ ዝተኣምነ ኣብ ብዙሕ እሙን እዩ" ዝተባህለ፡ "ኣሚንካ ስለ ዘለኹ፡ ከም'ታ ብሓንሳብ ዝኸድናዮ፡ ሕጂ ኸኣ ብሓደ ኢና ንኸይድ" በለትኒ ትርር ኢላ።

ኣነ ብሓወሲ ጭርቃን "ካልእ ግዜ ደኣ ይኹነልና። "ኣዴኺ'ባ ናይ እንዳ መን ሰብኣይ ተሰኪምክለይ መጺእኪ ከይብላኺ" ኢለ ሰሓቕኩዋ።

ብሓቂ ምስኣ ምኻድ ከቢዱኒ ዘይኩኑ 'ከይተዓደመ ዝመጸኣ ከይጸገበ ወጸአ' ዝዓይነቱ ስምዒት ስለ ዝበረኒ እየ ክሳብ መውዳእታ ክቃወማ ዝፈተንኩ። ንሳ ግን ስሒቓ ትም በለት።

ጸንሒ ኢላ "ናይ ኣደይ ኣሰኪፉካ እንተ ኹይኑ ኣነ በይነይ እየ ዝነብር ዘለኹ። ደሓር ከኣ ኣምሓራይ ሐዝላ መጺኣ'ኳ ቀርጥም ኣቢላታ ዘሾቐጠት'ሲ ወዲ ዓደይ ሓዘ መጺኣ እንታይ ከይትብለኒ ፈሪሕካ ኢ'ኻ፡ እኳ ደኣ ትሕገስ እምበር. . ." በለትኒ ሰሓቕ ወሲ'ኻ። ቀጺላ እውን ካብ'ቲ ምስ ወላዲታ ትቕመጦ ዝበረት ተሪሮሎ ወጺኣ ኣብ ጉዛጥንዳ ገዛ ተኻርያ ንበይና ትነብር ምህላዋ ኣዕለለትኒ። እዚ ክትብለኒ እንከላ ኣውቶቡስ ደሮ ኣብ መዕረፊኣ በጺሓስ ተሳፈርቲ ክወርዱ ጀሚሮም እዮም። ኣነን ኣቦን ክንወርድ ከለና ድማ 'ምስኣዶ ክኸይድ ወይስ ክኣብዮ' ኢለ እማታእ ነበርኩ።

ኣቦ ወርድ ምስ በልና፡ ኣብ'ቲ ከበቢ ካብ ዝርከብ ደኳን ዘድልያ ኣስቤዛ ክትገዝእ ጀመረት። ኣነ ድማ ምስ ወድኣት ምእንቲ ክፋነዋ፡ ትም ኢለ ተጸበየያ። ገዚኣ ምስ ወድኣት "ኣብ'ቲ ንኸይድ እሞ ታክሲ ክንወስድ" በለትኒ፡ ክማታእ ከም ዘይጸናሕኩ ብዘይተቓወሞ ምስኣ ናብ ቦታ ታክሲ ሰጉምኩ። ተሰቒለ እውን፡ ምስ ተሰቐልኩን ታክሲ ንእሉ፡ ምስ ተበበለትን ሰኽፍታ ተሰማዓኒ። ግና ዋላ ሓንቲ ስጉምቲ ኣይወሰድኩን። ኩነታት ርእየ ናብ ገዛይ እምለስ ዝብል ሓሳብ እውን መጺኣኒ።

ገዛ ጥንዳ በጺሕና፡ ናብ ሓደ ምዕሩግ ቐጽሪ ዘለዎ ገዛ መሪሓትኒ ኣትያ። ኣንግሞ ዛ ኑበሰይ ከም ሪሞርኪያ (ተሳሓቢት) እየ ቀጺረያ። ገዚኣ ንኽኣቱ ምሉእ ብምሉእ ክውሰን ኣይከኣልኩን። ክቃወማ እውን ዓቕሚ ኣይረኸብኩን። ኣብ'ታ ሓሙሽተ ብሓሙሽተ ሜትሮ ዝኸፋሓታ ክፍሊ እትው ምስ በልና፡ ሽላኣ ናብ ዓራት ደርብዩ ኣቢላ "ኣብ'ቲ ሳሎን ኮፍ በል፡ ንእግርኻ ማይ ከምጽኣልካ እየ" ኢላ ገዲፋትኒ ንደገ ወጸኣት። በቲ ሓደ 'እንታይ እየ ዝገብር ዘለኹ?' እናበልኩ ንዝኢኑበሰይ ክኸሶ እፍትን። በቲ ካልእ ድማ ጸጥቓ እናሰሓበ ንኑበሰይ ከም ዕድለኛ እቖጽሮ። ሕውስዋስ ኣብ ዝበለ ስምዒት ከለኹ፡ ማይ ዝሓዘ ሽሓኒን ሸበጥን ሒዛ ብምምጻእ ኣብ ቅድመይ ኣንበረቶ። ንሳ ድማ ናይ ገዛ ክዳን ቀዪራት'ሞ ናውቲ-ቡን ቀረሪባ ሓዊ ኣናኸሰት። ኣነ ከም ብዓልቤት ዘይሸበጠይ ለበሰ ኣብ ሳሎን ኣለኹ።

ማህደር-ኣሳእል (ኣልበም) ሒዛ መጺኣ 'መዘናግዒ ይኹንካ' ኢላ ምስ ሃበትኒ ድማ ንሽው ዝኸውን ስጋ ክትመታትር ጀመረት።

ንገለ ደቓይቕ ስእሊ እናርኣኹ ጸኒሐ። ብመንገዲ እቶም ኣሳእል ኣበለ ድማ ንህይወት ኣቦ እደህሰሶ ነበርኩ። ብሓቂ ኣቦ ቆንጆ እያ። ናይ ንእሽቶ ስእላ ድማ ካብ ቀንጆና ዝሓለፈ። ኣብ'ቲ ምስ ዘሪሁን ዝተላዕሉዩ ኣሳእል ፍቕሪ ኣንብቢ ነይረ። ኣብ ዝጠዘለ ስእልታታ ፍሽኽታ ኣይፍለያን። ሕልፍ-ሕልፍ ኢሉ ድማ ምስ ናይ ንእሽቶ መሓዛታ ዝተሳእሉዩ ስእሊ ነበረ። ኣብ ኩሉ ግን - ንሳ ጥራይ እያ ጎሊሓ ትረአ ዝበረት።

ኣልበም እናናኽጸልኩ ከለኹ "ድኸምካዶ? ቅድም ወራይ መግቢ ክንዝብር ኢለ እምበር፡ ክሳብ ቡን ዘፍልሕ ኣብ'ቲ ዓራት ቀም ክትብል ኢኻ" በለትኒ።

"ኖኖ. . ደሓንየ፡ ድኻም የብለይን" ኢለ ትም በልኩ።

"ስለምንታይ ትሰክፍ፡ ካብ ሕጂ ንንጸውኮ ገዛኻ እዩ። ዘሰክፍ የብልካን!" ደገመትኒ። ስለ'ቲ ዝነበርኩላ ጸቡቕ ድያ ክሳብ ክንድ'ዚ ትብሕሸኒ ዘላ ወይስ ብኻልእ ዓይኒ ጠሚታትኒ?" ዝብል መጉተ ኸኣ ቡሓተኒ። ንስለ መልሲ ግን - "እንታይ ዘሰክፍ ኣሎ'ሞ፡ ግናስ ንሰኺ እውን ኣብ መገሻ ጀሚሕኪ ክንዲ ተዕርፊ ገልጠምጠም ኣብለኪ እምበር. . " ኢለ ምርኣይ ስእሊ ቀጸልኩ።

"ኣይ ሰበይቲ እንድየ ግዲ - ጋሻ ሒዘ መጺኣስ ዕረፍቲ ክደሊ" ኢላ ክምስ በለትኒ። እንታይ ኢለ ከም ዝምልሰላ ምስ ጠፍኣኒ እየ ድማ "ኣይትርኣዩንን ዲኺ ዘለኺ ከም ብዓል ገዛ ኣሳፊሐ" ኢለ ሰሓቕኩ።

"ከምኡ በል - ሕጂ ጸቡቕ ገይርካ ኣዕሪፍካ፡ ሓዲርካ ጸባሕ ንገዛኻ ትኸይድ። ናብራ ስኡባበ ስለ ዝፈልጦ፡ ሰቕ ኢለ ኣይሰድድካን እየ" ክትብል ድማ ጋን ዝበበረኒ ዘረባ ደርበየትለይ። ኣብ ውሽጠይ "ከመይ ደኣሉ ነገራቱ?" ዝብል ሓሳብ ረበሸኒ። ንቃል-ዓለም ደየ ወይስ ናይ ብሓቀይ "ምሕዳር'ሲ ደሓን - ገዛይ ከኣ'ባ ክርእየ!" በልኩዋ።

"ገዛኻ ደኣ ናበይ ከይከዶካ" ኢላ ፍሽኽ ኢላ ጠመተትኒ። ክሽዋ ኣጠማምትኣ ግን እቲ ሰራዕ ደርጊ-ሰና ምሰ'ቲ ካቲም ኣፉ ተደማሚሩ ፍሉይ ጦብላሕታ ፈጢሩለይ። ብኽምስታኣ ተሳዒረ መልሲ ከይሃብኩዋ ኣሰቀጥኩ።

ድሕሪ ገለ ናይ ሰቕታ እዋን "ብዘኸኑ እንጌራ በሊዕና ቡን እናሰተና እንካዕልና ከዕልለካ እየ" በለትኒ። እንታይ ክትብለኒ ከም ዝደለየት እናሰላሰልኩ "እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎ ደዩ?" ሓቲተያ።

"እንታይ ሓድሽ ክህሉ ደኣ! ንዓኻ እኮ ድሕሪ ሕጂ ናተይ ነገራት ሓዲሽ ኣይኮነን"

"ከዕልለካ እየ ስለ ዝበልኩስ ፍሉይ ነገር ክህሉ ኢለ እየ"

"ብዛዕባ ህይወተይ እየ ከዕልለካ። ካብ ተቐራረብና ብዛዕባይ ምስጠር ዝኾነ ነገር ክህሉ ስለዘይደሊ እዩ። ንሱ'ብ እንተ ቐራብኩዎ ጸቡቕ ገይርካ ምቕራብ፡ እንተን ርሒቕኻዮ ድማ ጸቡቕ ገይርካ ምርሓቕ እዩ ዝፈቱ ኣነ"

ነገራታ ጋን እናኾነ ክኸይድ ጀሚሩ። ድልየታ ወይ ሓሳባ ብንጹር ንኽፈልጦ ኣጸገመኒ። ብልበይ 'ካብ'ቶም ጸቡቕ ገይርኪ ትቕርብዮም ይግበረኒ' ኢለ እናሓሰብኩ ዝኾነ መልሲ ከይሃብኩዋ፡ መግቢ ቀሪባ ክንምገብ ጀመርና። እናተመገብና እንከለና እየ ድማ "ስለምንታይ ካብ ኣዴኺ ተፈሊኺ ክትነብሪ መሪጽኪ? ዝበልኩዋ።

"ኣይደለኽዎን"

"ዘይመድልዩኺ ምኽንያት እሞ እንታይ እዩ?"

"ዋላ ሓንቲ።"

"ብዘይዝኾነ ምኽንያት፡ ካብ ወላዲትኪ ተፈሊኺ ንበይንኺ ክትቕመጢ መሪጽኪ?"

"ብዘይ ምኽንያት ደኣ ኣይኮንኩን። ምስ ኣደይ ክንብር ደስ ምበለኒ ነይሩ። ግን ቀንዲ ካብ'ቲ ቦታ ክርሕቕ ዝደለኹሉ ምኽንያት 'ሰበይቲ ጦርሰራዊት እያ ነይራ' ክበሃል ስለዘይደለኹ እየ" ኢላ ኣሕጸረትለይ።

"ነይርኪ ኣንዲ'ኺ'ሞ፡ ሰብ ዝበለ እንተበለ እንታይ ጸገም ኣለዎ?"

"ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከምኡ ክትበሃል ጸቡቕ ኣይኮነን። የሕፍር እዩ። ግደ-ሓቂ፡ መሰለኒ ገይረዮ እንደየ - ኣብ ሕሉፍ ስለዘይንግር ግን ብዛዕባኡ ክሓስብ ኣይደልየን እየ። እዚ ክብለካ ከለኹ፡ ነቲ ታሪኽ ደምሲሱ ሓወይን ወዲ-ዓደይን ተመርጸ፡ ኑዩም ብኣይ ዝዘረቡ ክልተ ግዜ ክዘርቦም ስለዘሓለኽኩ እየ" በለትኒ ኣብ ገጻ ናይ ምስትምሳል ስምዒት እናተዓዘብኩ።

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:45 | Tech-insight |
| 15:20 | ፓኖራማ |
| 16:00 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:20 | ፍኖሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ለይቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባርንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ማሕሙድ መሓመድዓሊ ጀንጀር

## ካብ ቀዳሞት ስውኣት ሰውራ

ነጸረኣብ ኣዛዚ (ከረን)

ኣብ መጨረሽታ 1950ታት ኣብ ዝበዝሓ ከተማታት ኤርትራ ጽልኣት ኢትዮጵያ ዝመንቀለኡ ተደጋጋሚ ናዕብን ዕግርግርን የጋጥም ነበረ። ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ናይቲ እዋን'ቲ መዲና ደገፍቲ ናጽነት ዝነበረት ከረን ድማ ቀሊዕ ሰላማዊ ሰልፍታትን ስዉር ምትእኽኻብትን ተኣንግድ ነበረት። ብፍላይ ብ1958 ኣብ ዝተኻየደ ተቓውሞ፡ ደኳናት፡ ኣብያተ ሻሂን ካልእ ንግዳዊ ትካላትን ተዓጽየን፡ ከረን ብሓያል ነድሪ ናይ ኣደመኛታት ተናወጸት። ልዕሊ ዓቐሚ ፖሊስ ናይታ ከተማ ስለ ዝኾነ ድማ ምክትል ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ዝነበረ ኰሎኔል (ዳሕራይ ብ/ጀ) ዘርእማርያም ኣዛዚ ዝመርሖ ተደራቢ ሓይሊ ካብ ኣስመራ ንከረን ብምውራድ ነቲ ናዕቢ ክቆጻጸር ፈተነ።

ፖሊስ ብዓማ ትኪ ንሰልፈኛታት ክበትኑ ፈቲኖም ሓፋሽ ኣይተጻዕደን። ምስቶም ብረት ዝዓጠቑ ፖሊስ ብዓርባ እምኒ ገጢሞ። ልክዕ ከምቲ ሎሚ ኣብ መንጎ ፍልስጤማውያን ሰልፈኛታትን እስራኤላውያን ወተሃደራትን እንርእዮ ጥምጥም ማለት'ዩ። ነቲ ናይ ሽዑ ፍጻመ ሓንቲ ናይ ሱዳን ሬድዮ ኣብ ግዜኡ "ኣልሸዓብ ከዑብ ረመ ኣልሕጃር ዎ ሃረብ" ማለት "ሓደገኛ ህዝቢ እምኒ ደርቢዑ ይሃድም" ብምባል ኣቃሊሓቶ። ኣብ መጨረሽታ ግን ብርክት ዝበሉ ካብ ኣደመኛታት ተኣሲሮም ናዕቢ ከም ዝሃድእ ተገይሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ከረን ዝበሩ ዓበይቲ ፖለቲከኛታት ብድሕሪ መጋረጃ ናይቲ ተቓውሞታት ምንባሮም ዘጠራጥር ኣይኮነን። እብተኾነ ግን ኣብ መድረኽ ብቕድመ ግንባር ዝቕልሰዎ ዝነበሩ መንእሰያት እዮም። ከም በዓል መሓመድሰዒድ ዓንጠጣ፡ መሓመድ ኣደም ኣክተ (ኣብ ሓምለ 1960 ኣብ ካይሮ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ዝመስረቱ ተቓለስቲ) ዓሊ መሓመድ ሳልሕ፡ ዑመር ሓጅ እድሪስ፡ ሳልሕ ሸፍረለትን፡ ካልኣትን ከኣ ብቐዳምነት ይጥቀሱ።

ዕድመ ቁልዕነት ማሕሙድ መሓመድዓሊ ጀንጀር በቲ እናኸረረ ዝኸይድ ዝነበረ ፖለቲካ ኤርትራ ብቐረባ ዝተጸልወ እዩ ነይሩ። ነጻነት ኤርትራ ብዓለቕ ሓያላን ሃገራት ብምኹላፉ ኢዮም ንስለ ነጻነት ኤርትራ ዝተቓለሱ እሞ ዘይተዓወቱ ሃገራውያን ዘሰምዕዎ ዝነበሩ ቅሬታ - በዓል ማሕሙድ ነታ ዘይፈልጥዋ ነጻነት ክናፍቑ እኹል ድርኺት ኮይኑዎም እዩ። ኣብ ርእሲ ኣሎታ ተወሲኺታ ከምዝበሃል፡ ሓለፋታት ፈደራላዊ ኣዋጅን ቅዋም ኤርትራን ወግሐ ጸብሐ ብኢትዮጵያ እናተፋሕቖ ምስ ከደ፡ ዓቕልን ተጻዋርነትን ዝጠዘሉ ሃገራውያን እናተጸንቀቑ ከዱ። ከም ሳዕቤኑ ተቓውሞታትን ስዉር ውዳበታትን ጊኑ። ዘዘኸዘ "ሰለምንታይ ኣድልዎ፡ ሰለምንታይ ተቓውሞ፡ ሰለምንታይ ምድርባይ እምኒ" እናበለ ክሓትት ጀሚሩ። በዚ ድማ ስለ ልቦና ዝጠዘሉ መንእሰያት "ተዓግሂጽና፡ ተጠሊምና፡ ዳግማይ ናብ መቑሕ መግዛእቲ ተመሊስና" ብዝብል ቅሬታ ተዓብለሉ ነበሩ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃዋህው፡ ማሕሙድ ጀንጀር ኣንጻር ፖሊስ እምኒ ብምድርባይ ዝጀመሮ ተቓውሞ ናብ ዝተወደበ ኣገባብ ቃልሲ ክሰጋገር ግዜ ኣይወሰደሉን። ምንቅስቓስ ሓራካ ከረን ምስ ረገጸት ድማ ቀልጢፉ ተጸንቢሩዋ። ንኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ብኣፈሙዝ ብረት ክትገጥሞ ዝተበበሰት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እውን ኣብ ከረን ብቐዳምነት ካብ ዝተቐበልዋ ወኒ ሎዓት ሃገራውያን ሓደ ማሕሙድ ነበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኸ ተመሃራይ ማእከላይ ደረጃ እዩ ዝነበረ። ማሕሙድ ብንእሱ ኣብ ዝኣመኖ ዕላማ ከም ህ ዘይብል ተባዕን ቆራጽን'ዩ ነይሩ። ጸጋ ሰድራቤቱ ናብ መዓላ ሰውራ ከውዕል እውን ሰጊኡ ኣይበለን። ንዝኣመኖ ዕላማ ብኹለንትንኡ ዝውፈ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ በቲ ጸጥታ ኢትዮጵያ ዘካይድዎ ዝነበሩ ጥቡቕ ምክትታልን ማእሰርትን ኣብ ከረን ኮይኑ ቃልሱ ክቕጽል ይኽእል ኣይነበረን። ሓያል ናይ ምቅላስ ወኑ ጥራሕ ሒዙ ድማ ኣብ መጨረሽታ 1963 ናብ ሱዳን ኣምርሐ። ምስ ተመሳሳሊ መርገጺን ርእይቶን ዝነበሮም ኤርትራውያን ተራኺቡ ከኣ ናብቲ ኸ ዘይዓኸኸ ገድሊ ተጸንቢሩ።

ኣብቲ ግዜ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንሓያሉ ተጋደልቲ ዝውሃብ ታዕሊም ኣይነበረን። 'ንመን ኣለዎ እዝኒ ኣለዎ' ከም ዝበሃል ግን ብሓያል ዲፕሎማሲያዊ ጻዕሪ መራሕቲ ናይቲ ውልዶ ሰውራ መንግስቲ ሶርያ ንኤርትራውያን ተጋደልቲ ወተሃደራዊ ስልጠና ክህብ ስለዝተሰማምዐ ድሮ ቀዳማይ ዙርያ (ካብ ግብጺን ሰዕድያን ዝተዋጽኡ ኤርትራውያን) ኣብታ ሃገር ይዕለሙ ነይሮም። ማሕሙድን ብጾቱን ድማ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ወተሃደራዊ ታዕሊም ሶርያ ክሰልጥኑ ተሓጺዮ። ኣብ መጀመርታ 1964 ድማ ብመንገዲ እቲ ኣብ ከሰላ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ሰውራ ካብ ከሰላ ንፖርትሱዳን ተሰጋገሩ። ኣብ ፖርት ሱዳን ፈለማ ኣብ ዳም ኮርያ ጸኒሖም፡ ኣብ ሰሉብ እናተቐመጡ፡ ነታ ካብ ሰዑድያ ክትወስዶም እትመጽእ ጃልባ ተጸበዩ። ጃልባ ኣብ ዝሓሰብዎ ግዜ ስለ ዘይመጸት ከኣ ብዙሕ ተሸገሩ። ንልዕሊ ወርሒ ዝኣክል፡ 'ሎሚ'ዶ ጽባሕ ትመጽእ' እናበሉ ክጸበዩ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ ኣብ ፈለማ ወርሒ ሚያዝያ ንጉዕዞ ነቐሉ።

ዝዓም ሓደስቲ ተዓለምቲ ካብ ፖርት ሱዳን ንጅዳ ብንእሽቶ ጃልባ ምግዓዝ ቀሊል ኣይነበረን። ብፍላይ ነቶም ምስ ባሕሪ ሌላ ዘይነበሮም ከም በዓል ማሕሙድ ልዕሊ ዓቕን እዩ ከቢድዎም። ከቢድ ሃልክን ተዓብን ኣሕሊፎም ከኣ ወደብ ጅዳ በጽሑ። ኣብ ጅዳ ብዲፕሎማሲያዊ ብቕዓቱ ልሉይ ዝነበረ ስውእ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ኣቦላት ጸጥታ ሰዑድያ ኮይኑ ተቐቢልዎም። ከረንቲና ኣብ ዝበሃል ግዝኣቲ ኣብ ሓደ ዓቢ ካኝሸሎ ከም ዝዓርፉ ድማ ገበረ። ክሳብ ናብ ደማስቆ ዝወስዶም መስርሕ ዝሳለጥ ከኣ ምስቶም ካብ ቀዳማይ ዙርያ ኣብ መንጎ ታዕሊም ብዝፍሪም መውጋእቲ ካብ ብጾቶም ዝተረፉ ዑስማን ሓረኽን መሓሙድ ሓጅን ኮይኖም ንገለ ግዜ ተጸበዩ።

ኣብ መጨረሽታ ስውእ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ካብታ ዝበሩዋ ካኝሸሎ ብሌይቲ ከፋፊሉ ብመኪና እናወጽኦ ሰኣሊ ከምዝሰኣሉ ገበረ። ሓቀኛ ይኹን ፎርጅድ ዘይፈልጥዎ ፓስፖርት ሒዞም ከኣ ብኣፋራት ካብ ጅዳ በሪሮም ደማስቆ ዓለቡ። ኣብኡ ናይ ኣካዳሚ ተመሃሮ ዝነበሩ በዓል ኢብራሂም እድሪስ መሓመድኣደም፡ መሓመድዑስማን የሱፍ ሳይቕ፡ ሓሰን ጎላውደየስ ተቐቢሎም፡ ኣብ ሰለስተ ሆቴላት ኣእተውዎም። ድሕሪ'ዚ ኣቦላት ሳዕለዋይ ባይቶ ብመራሕነት እድሪስ መሓመድ ኣደም ካብ ግብጺ መጺኦም "እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም" ብምባል ጸቡቕ ናይ ታዕሊም ግዜ ክኾነሎም ተመነዩሎም።

ወተሃደራዊ ስልጠና ዝወሰድሉ ቦታ ካብ ደማስቆ ወጻኢ ኢልካ ቀጠና ኣብ እትብሃል መዓስከር ነበረ። ንሽውዓተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ጽዑቕ ንጥፈታት ዘጠቓልል ታዕሊም ከኣ ብዓወት ዛዘምዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ ብኹለንትንኦም ጽብሉል ዝበሉ 12 ተዓለምቲ ተመሪጾም ኣብ ኣርባዕተ ዓውድታት ተወሳኺ ስልጠና ተዋህቦም። ማሕሙድ መሓመድዓሊ ጀንጀር ምስ ዓበዩ ያዴታ፡ ኣሕመድ ዑመር ኣደም፡ ሓምድ ሐሴን፡ ዑመር ሓጅ እድሪስ፡ መሓመድያሲን ኣልሓጅ ሳልሕ፡ ሐሴን ዳፍር፡ ማሕሙድ ጣህር፡ ዓብደልቃደር ሮሞዳን፡ ዓብደላ የሱፍን ካልኣትን ንቁጠባ፡ ጥዕና፡ መራኸቢታትን ካልእን ዝምልከት ተወሳኺ ስልጠና ብዓወት ወሲዶም ዛዘሙ። ብድሕሪ'ዚ ካብ ደማስቆ ብኣፋራት ካርቱም ዓለቡ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1965 ናብታ ዝተበገሰላ ከሰላ ተመልሱ። ክሳብ መፋርቕ 1965 ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ዝነበሩ ጋንታታት ተወዚዖም ክጋደሉ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ክፍልታት ንምቛም ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ክሳተፉ ኩሎም ንከሰላ ተጸውዑ።

ኣብ ከሰላ፡ ነቲ ሽዑ ዝቖመ ወተሃደራዊ በትጽሕፈት "ቅያዳ ኣልሰውርያ" ከምኡ'ውን ነተን ኣርባዕተ ክፍልታት ዝመርሑ ሓለፍቲ፡ ብላዕለዋይ ባይቶ ተመዘዙ። ማሕሙድ ጀንጀር ከኣ ናይ ካልኣይቲ ክፍሊ ፖለቲካዊ ኮሚሽነር ኮይኑ ተመዘዘ፡ ኣዛዚ ናይታ ክፍሊ ዑመር እዛዝ፡ ምክትሉ መሓመድዑመር ኣደም (ክልቲኦም ምኩራት ወተሃደራት ናይ ሱዳን ዝነበሩ) እዮም ዝነበሩ። ማሕሙድ ጀንጀር ከኣ ሳልሳይ ዝለዓለ ሓላፍነት ናይታ ክፍሊ ተሰከመ።

ኹሉ ብንኣሱ፡ ልዑል ቆራጽነትን ተወፋይነትን ዝመስከረ ማሕሙድ ዋላ'ኳ ኣንጻር ባህሉ ቃልሲ ናብ ዝጀመረሉ ከባቢ እንተተመደበ ንእርሑ ግን ድርብ ረብሓ ነይሩዎ። ብፍላይ እታ ዝዓበየላ ከረን፡ ስድራቤቱ፡ ብዙሓት መተዓብይቱ፡ መማህርቱ፡ ኣዕሩኽቱን መቕልስቱን ዝርከቡላ ብምዃና ናብ ስራሕ ክኣቱ ኣይተሸገረን። ክሳብ ታሕሳስ 1965 ከኣ ካብን ናብን ከረንን ሜዳን እናተመላለሰ ብዙሕ ርክባት ብምኽያድ ኣገዳሲ ዕዮ ክፍጽም ከኣለ። ሓደ ካብቲ ዝፈጸሞ ርክባት እታ ብመገዲ'ቲ ንሜዳን ከተማን ዘራኽብ ዝነበረ ተጋዳላይ ሳልሕ ዑመር ናብ ሰሊማን መሳ ሓጅ ዝለኣኻ መልእኽቲ እያ። ማሕሙድ መዓልትን ሰዓትን ፈልዩ ንሰሊማን ኣብ ዓደርደ ክረኽቦ እዩ ቆጺሩ ሒዝሉ። ኣብ ዓደርደ ዞቦድዎ ርክብ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ናይ ሓደ ሰሩዕ ሰውራ ዝነበረ ፖሊስ ነበረ። ዕላማ ናይቲ ርክብ ድማ ብሰንኪ ማእሰርትን ሰደትን ተዳኺሙ ዝነበረ ጨንፈር ከረን እተበራብር ሓዳስ መራሕነት ንምምዛዝ ነይሩ። ትብቅዕ እያ ዝብልዋ ሓዳስ መራሕነት ረቒሒም፡ ናይ ስራሕ መደብት ሓንጺጾም ከኣ ሰሊማን ንከረን ማሕሙድ ድማ ናብ በረኻኡ ተፈላልዮ።

ድሕሪ ርክብ ማሕሙድን ሰሊማንን ክልተ መዓልቲ ጸኒሖም ኣሰታት ሓደ ሚእቲ ዝበጽሑ ኣባላት ካልኣይቲ ክፍሊ ብመራሕነት ማሕሙድ ጀንጀር፡ ሕሻል ዑስማንን ጉብሩ የጊንን (ክልቲኦም ወተሃደራት ሱዳን ዝነበሩ) ብመንገዲ ኢንገርነ ዓደርደን ኣንፈት ምብራቕ ሒዞም ናብ ከበቢ ኣሸራ ሰገሩ። ኣብቲ ንፈለማ እዋን ዝንቀሳቐስሉ ዝነበሩ ከበቢ ድማ ንህዝቢ ብዛዕባ ሰውራን ዕላማታቱን ኣስተምህሮ እናሃቡን ነቶም እምነት ዘንበሩሎም እናምሓሉን ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ሰርዑዎም። ኣብ ኣሸራ ኣብ ዝወዓሉላ ዕለት ድማ፡ ንሓንቲ ካብ ከረን ንመንሱራ ትሓልፍ ዝነበረት ኣውቶቡስ ደው ኣቢሎም፡ ንተሳፈርቲ ዕላማታቶም ገሊጾም ኣፋነውዋ። እንተኾነ ኣብ ውሽጢ'ታ ኣውቶቡስ ሓደ ሲቪል ዝተኸደነ ፖሊስ ነበረ። መንሱራ ኣትዩ ድማ ብቐጥታ ሓበሬታ ኣመሓላለፈ። ከም ሳዕቤኑ ነቶም ኣንፈቶም ንክበኦ ዝበሩ ተጋደልቲ ዝጠፍም ሓይሊ ፖሊስ ካብ ከረን ነቐለ። ኣብ ቁሽታት እደርባ ኣብ ዝጸሓሉ ድማ ኮማንደስ ነቶም ተጋደልቲ ሓደጋ ወደቑዎም።

25 ታሕሳስ ንግሆ ካብ ሰዓት 8 ክሳብ 10 ፈረቓን ቅድሚ ቀትሪ ከቢድ ውግእ ተኻየደ። ኣብቲ ግጥም ሹዱሽተ ተጋደልቲ ተሰውኡ። ካብ ዕጥቂ ናይቶም ተጋደልቲ ሓደ ብሬን ምስ 106 ጠያይት፡ ክልተ ዲሞትረፍ ጠበንጃ ምስ 218 ጠያይት ከምኡ'ውን ሓንቲ ኣልቢን ምስ 67 ጠያይት ተማረኸ። ካብ ኮማንደስ እውን ሓደ ሓለቓ ዓሰርተን ሓደ ተራ ወተሃደርን ተቐቲሎም፡ ሓደ ቆሰለ።

ኣብቲ ውግእ ዘጋጠመ ዝበኣሰ ጸገም፡ ብሰንኪ እቲ ሃንደበትነት ተጋደልቲ እዚን ቁጽጽርን ኣጥፊኦም ፋሕ ብትን ምባሎም እዩ። ብዘይተወደበ ኣገባብ፡ ንጽርግያ ከረን ሓጋዝ ቀሪጾም ናብ ሰሜን ወገን ክበልቑ ፈቲኖም። እንተኾነ ኣብ ጠቕ እውን ድብያ ጸኒሖም። ተወሳኺ ሓደ ተጋዳላይ ድማ ተሰዊኡ። ኣብ ጸብጻብት መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብ ጠቕ ዝተሰውአ ተጋዳላይ ሳልሕ ዓሊ በኺት ዝስሙ ሳዕለዋይ ሓላፊ ምኻኑ'ዩ ዝገልጽ። ይኹን'ምበር ናይዚ ሳዕለዋይ ሓላፊ ሓቀኛ መንነት፡ ሳልሕ ዓሊ በኺት ዘይኮነ ማሕሙድ ጀንጀር እዩ።



ንጽባሒቱ 26 ታሕሳስ ሬሳ ማሕሙድ ጀንጀርን ሹዱሽተ ብጾቱን ኣብ ከረን ኣብቲ ሬሳ ስውኣት ክርከብ እንከሎ ተንጠልጢሎም ዝውዕልሉ ልሙድ ቦታ ተንጠልጢሎ። ማሕሙድ ተሰዊኡ ዝብል ዜና ድማ ቀልጢፉ ነታ ከተማ በጽሓ። ይኹን'ምበር ኣብቲ ፈለማ ማሕሙድ ጀንጀር'ዶ ማሕሙድ ቸኮኒ (ንጀንጀር ተኪኡ ፖለቲካዊ ኮምሽነር ዝኾነ ወዲ ከረን) ምድንጋር ፈጢሩ ነበረ። ንሬሳ ማሕሙድ ኣዕሩኽቱ መተዓብይቱ ኣሕዋቱ'ውን ከይተረፉ ኣብ ሓጺን ተንጠልጢሉ ርእዩዎ። ህዝቢ ከረን ኣብ ታሪኽ መግዛእቲ ካብ ዝሕለፎ መሪር ተመኩሮ ስውኣት ደቁ ኣብ ሓጺን ተንጠልጢሎም፡ ኣብ ጽርግያ ተሰጢሖም ምርኣይ ነበረ። ከም እንዳ በዓል ጀንጀር ወለዲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ተንጠልጢሉ ዝረኣያ ስድራቤታት ዝወረደን ስነ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ከኖ ቃላት ክገልጾ ዝኽእል እዩ።

ማሕሙድ ጀንጀርን ኣቦይ መሓመድ መንደፈራን ጥቡቕ ዕርክነት ነይሮም። ማሕሙድ ካብ ከረን ንሰደት ከይዱ ህጣሙ ኣጥፊኡ ድሕሪ ምጽናሕ ቅድሚ ማስዋእቱ ኣብ ዝበራ መዓልታት ንኣቦይ መሓመድ መንደፈራ መልእኽቲ ሰዲዱሉ ነይሩ። ኣቦይ መሓመድ መንደፈራ ንማሕሙድ ኣብ ሓጺን ተንጠልጢሉ ዝረኣየላ መዓልቲ ድሕሪ ፍርቂ ዘመን'ውን ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ተቐጂላ ትነብር ኣላ። ነተን ምንባር ጸሊኡ እንጀራ ዝተሓሰመለን መዓልታት ከኣ ብትካዘ ይዝክረን።

ድሕሪ'ዚ ዘሰቅቕ ፍጻመ'ዚ፡ ኣብ ጅባ ማሕሙድ ዝተረኽበ ወረቐት፡ ኣስማት ናይቶ ንከረን ከኪይዱ ዝተረቐሐ ውልቀ ሰባት ኣሰፊሩ ስለዝነበረ እቶም ሰባት ብቐጥታ ተኣስሩ። ብዘይካ ሰሊማን ዝጠዘሉ ዝፈልጥዎ ኣይነበሮምን። ብዘይፈልጥዎ ጉዳይ ድማ ከም ሕሰም ተሳቐዩም።

ግዝኣት ኢትዮጵያ ሬሳታት ተጋደልቲ ኣብ ዕድጋ ኣንጠልጢልካ ህዝቢ ንምርዓድ ዝገበርዎ ፈተነ ከምቲ ዝሓሰበዎ ኣይሰርሐን። ንኣስከሬን ስውኣት ኣብ ማእከል ከተማ ምንጥልጣልን ምስጣሕን ብኣንጻሩ ህይወቱ ንማስዋእቲ ዝውፊ ተባዕ ወለዶ ፈጢሩ። ብድምር ማስዋእቲ ቀዳሞትን ናይቶም ኣሽሓት ኣሰርም ዘርኸቡን ከኣ ነጻነት ኤርትራ ክውን ኮይኑ።

**ስውኣትና ወትሩ ብኽብሪ ይዘከሩ!**



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**መጻረዪ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024**

9:45 ምሸት

ፈረንሳ - ኣየርላንድ

ሆላንድ - ግሪኽ

ፖላንድ - ደሴታት ፋሮ

## ሓለውቲ ልዳት ደንደንን ቀይሕ-ባሕሪን ተቐጺዖም

### ቀይሕ-ባሕሪን ደንደንን እውን መጠንቀቕታ ተዋሂቡወን

ኮሚተ ውድድርን ስነ-ስርዓትን ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዲያቱን ኮሚሽናራትን ንዘቕረቡ ጸብጻባት ተመልኪቱ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ መዛዘሚ ግጥም ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዝተባእሱ ተጻወትቲ ጋንታታት ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ውሳነ ኣሕሊፉ።

ብመሰረት ዳኛን ኮምሽነርን ዘቕረብዎ ጸብጻብ ከኣ፡ ሓላዊ ልዳት ደንደን ክብሮም ሰለሙን፡ ጸወታ ምስ ተዛዘመ ናብ ክሊ መቐየሪ ቦታ ኣንጻር ጋንታ (ቴክኒካል ቤንች) ብምኻዱን ንደገፍቲ ቀይሕ ባሕሪ ኣነዋሪ ምልክት ብምርኣዩን ጠንቂ ናይ'ቲ ድሒሩ ዝተፈጥረ ዕግርግር ብምዃኑን ሕግታትን መምርሒታትን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ 2013 ንኣሰ ዓንቀጽ 13.6.1.14 ብዝእዝዞ መሰረት፡ ካብ 02 መስከረም 2023 ጀሚሩ ንሓደ ዓመት ካብ ጸወታ ክእለ ተወሲኑሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓላዊ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ሳሚኤል ስዩም እውን ድሕሪ ምዝዛም ጸወታ ንተሓጋጋዚ ዳኛ ከምዝጸረፎን ክሃርሞ ከምዝፈተኖን ናይ'ቲ ዕለት ጸብጻብ የረድእ። በዚ ከኣ ንኣሰ ዓንቀጽ 13.6.1.2 ብዝእዝዞ መሰረት፡ ካብ ተመሳሳሊ ዕለት ጀሚሩ ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክእገድ ኮሚተ ውድድርን ስነ ስርዓትን ወሲኑ። ብተወሳኺ፡ ክልተኤን ጋንታታት እውን ከቢድ መጠንቀቕታ ከምዝተዋህበን እቲ ፈደረሽን የረድእ።



## ዓዲ-ቐይሕ፡ ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ንሻዱሻይ ሰናብቲ ክካየድ ዝጸንሐ ቅድድም ብሽክለታ ከምዝተዛዘመ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና የረድእ።

ኣብ'ዚ ዝተፈላለዩ ዲቪዥናት ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ተወዳደረን ነይረን። በዚ መሰረት፡ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ሄኖክ ዑቕባይ ብ62 ነጥቢ ክዕወት እንከሎ፡ ወርቂ መዳልያን ሓደ ሽሕ ናቕፋን ተሸሊሙ። ብዘይካ'ዚ ካብ ወናኒ ኤለክትሮኒክስ ሓጎስ ሃይለ መተባብዒ 32 ኢንች ቴለቪዥን ተዋሂቡ።

ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ብ49 ዝተዓወተ ሄኖክ ሰለሙን ቀዳማይ ብምስራዕ፡ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያን 800 ናቕፋን ኮይኑ። ሚሮን ፍስሃ ብ40 ነጥቢ፡ የውሃንስ ተስፋኣለም ከኣ ብ18 ነጥቢ ድሕሪኡ ብምስራዖም ብዝተኸታተሊ ብሩር መዳልያን 600ን ከምኡ'ውን ኑሓስ መዳልያን 400ን ናቕፋን ተሸሊሞም። ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ከኣ፡ ብዝተኸታተሊ የናስ ክብሮም፡ ሳሙኤል ጋይምን ክብሪ ተኪኤን - ብዝተኸታተሊ ዕዉታት ወርቂ፡ ብሩርን ኑሓስን መዳልያ ኮይኖም።

ብወገን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሚካል ክፍሎም ብ39 ነጥቢ ዕውትቲ ብምዃን ወርቂ መዳልያን 800ን ናቕፋን ተሸሊማ። ካልኣይቲ መቕት ተስፋሃንስ ብሩር መዳልያን 600 ናቕፋን፡ ሳልሰይቲ ኤልዳና ክብሮም ኑሓስ መዳልያን 500 ናቕፋን ከምኡ'ውን ኮኾብ ሓጎስ 300 ናቕፋ ተሸሊመን።

ብደረጃ ጋንታ ከኣ ምምሕዳር ከባቢ ሓይካብ ብ108 ነጥቢ ዓባይ ዋንጫ ክትሽለም ከሎ፡ ምም. ከባቢ ሕሸመለን ምም. ከባቢ ሃዳሙን ከኣ ብ68ን 52ን ነጥቢ ድሕሪኣ ተሰሪዐን።



## ዩናይትድ፡ 'ንጉዳይ ኣንቶኒ ብዕቱብ ሒዘዮ ኣለኹ' ትብል

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንጉዳይ እቲ ኣብ ልዕሊ ዓርኩ ዝበረት ጓል ኣንስተይቲ ዘቤታዊ ጎድኢ/መጥቃዕቲ ፈጺምካ ተባሂሉ ተኸሲሱ ዘሎ ኣጥቃዒያ ኣንቶኒ ብዕቱብ ከምእትከታተሎ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ።

ጋብርኤላ ቻቫሊን ዝተባሃለት ናይ ቅድም ዓርኪ እዚ ብራዚላዊ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ እያ ከሲሳቶ። ጥንሲ እንከላ'ውን በዚ ተጻዋታይ ከምዝተገፍዐት እትገልጽ እዛ መንእሰይ፡ ሓንዘ ሕቶምና ክሳብ እትደሊ ብርእሱ (ብሰታ) ከምዝሃረማን ካብ ገጻ ወጺኡ ኣብ ካልእ ኣካላታ ብበሰጠ ከምዝተሰምዓን እያ ናብ ፖሊስ ከተማ ማንቸስተር ከሲሳቶ።

ማን ዩናይትድ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ትም ኢላ እያ ጸኒሓ። ትማሊ ግን፡ "ዩናይትድ፡ ኣንጻር ኣንቶኒ ተባሂሉ ዘሎ ክሲ ኣፍልጦ ብምህብ ፖሊስ ይምርምሮ ምህላዉ ተገዚባ ኣላ። ተወሳኺ ሓበሬታ ክሳብ ዝመጽእ ግን፡ ዝኾነ ተወሳኺ ርእይቶ ክንህብ ኣይንኽእን። እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ግህሰት ዝወረዶም ሰባት ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ከም ክለብ ነዚ ጉዳይ ብዕቱብ ክንርእዮ ኢና።" ኢላ።

ማን ዩናይትድ፡ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ - ካብ ዝተፈላለዩ ንዘቤታዊ ግህሰት ዝሕለቓ ትካላት ግብረ ሰናይ ዝመጽእ ነቐፌታን ከምኡ'ውን ፖሊስ ከተማ ማንቸስተር ነዚ ጉዳይ ይምርምሮ ምህላዉ ድሕሪ ምሕባሩን እዩ መግለጺ ኣውጺኣ ዘሎ። ዩናይትድ፡ እዚ ተጻዋታይ ካብ ወርሒ ሰነ ጀሚሩ ተኸሲሱ እንከሎ፡ ክጻወትን ክለማመድን ብምፍቃዳ እያ እዚን ተሓለቕቲ ኣና ዝበለ ትካላት ኣደን ከወጣውጣ ጸኒሐን።

ኣቐዲማ ብጉዳይ ግሪንዉድ ተናዊጻ ዝበረት ዩናይትድ፡ ዝ. እንግሊዛዊ ብቤት ፍርዲ ናጻ ምስ ተባህለ ዳግማይ ክትሓቶፎ ትደሊ ከምዝኾ ድሕሪ ምቕላሑ'ውን፡ ካብ ደገፍታን ዝተፈላለዩ ወገናትን ህቡብዊ ነቐፌታ ወሪዱዋ እዩ። በዚ ከኣ ምስኡ ክቕጽል ከምዘይኽእል ብምግላጽ ናብ ጌታፈ ብልቓሕ ሰዲዳቶ።

እዚ እናኾነ ግን፡ በዚ ናይ ክሲ ጉዳይ ከይጸለ ዝኸኣኣ ኣንቶኒ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዘውጸኦ ክልተ መግለጺ፡ ዝ. ክስታት ሓሶት እዩ። እዚ ጉዳይ ብብራዚላዊት ጋዜጣ ድሕሪ ምዝርጋሑ ግን፡ ካብ'ዚ ሰሙን ኣብ ዘሎ ኣህጉራዊ ግጥምታት ንሃገሩ ካብ ምውካል ተኣልዩ ኣሎ - ወላኳ ኣቐዲሙ ተመሪጹ እንተነበረ።

### ቅንጥብጣብ

* ስዑዳዊት ክለብ ኣልኢትፋቕ ንኣጥቃዓይ ክለብ ኤቨርተን ደማራይ ግራይ ብ10 ሚልዮን ፓውንድ ኣሲግራቶ። ጃማይካዊ ዲማራይ ክሳብ ሰነ 2027 ዘጸንሐ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምዃኑ ይሕበር። ማናጀር ምንቲ ስቲቨን ጀራርድ ዝመርሖ ስዑዲ-ዓረብ ሎሚ እዩ ከምዝዕቐብ ክፈልጥ ተኻኢሉ።

* ካብ ማን ዩናይትድ ብልቓሕ ናብ ጌታፈ ተሰጋጊሩ ዘሎ ማሶን ግሪንዉድ፡ ትማሊ ኣብ ስታድዩም እታ ጋንታ ምዕሩግ ኣቀባብላ ተገይሩሉ። ግሩንዉድ፡ ቁጽሪ 12 ማልያ ተቐቢሉ ኣሎ።

* ሓደ ካብ ዝኸበሩ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነ ፊልፐ ኮውቲኞ፡ ብልቓሕ ናብ ቀጠራዊት ክለብ ኣል ዱሓይል ክሰጋገር ተቓሪቡ።

እዚ ወዲ 31 ዓመት ኣብ ፉሉኢ ክለብ ኣስቶን ቪላ ካብ በክሪትሽን ሬያል ቤትስ ዝመጽኡ ሕቶ ብምንጻር ቅድሚ 10 መዓልታት ንጠለብ እዛ ቀጠራዊት ክለብ ከምዝተቐበሎ እዩ ዝግለጽ።

* ፑሊሲች፡ ናይ ወርሒ ነሓሰ ዝበለጸ ተጻዋታይ ኤሲ ሚላን ተጸዊዑ። ካብ ቸልሲ ናብ'ዛ ክለብ ዝተጸምበረ ኣመሪካዊ ፑሊሲች፡ ክለቡ ካብ ሰለስተ ግጥምታት ምሉእ ነጥቢ ክትወስድ፡ ምስ ሰሓበ ጸወታ ክልተ ሹቶታት ኣመዝጊቡ።

## ሊዮናርዶ፡ ንምምሕዳር ፒኤስጂ ነቒፉ

ዳይረክተር ስፖርት ክለብ ፒኤስጂ ዝነበረ ሊዮናርዶ፡ ሊዮኔል መሲ፡ ነይማርን ምባፐን ኣብ ፒኤስጂ ክብሪ ከምዝይረኸቡ ብምግላጽ፡ ንኣተሓሕዛ እዛ ክለብ ኣብኦም ተጻወትቲ ነቒፉ።



ሊዮናርዶ፡ እዞም ሰለስተ ብሉጻት ተጻወትቲ ዘውንንዎ ብርቂ ብቕዓት ንዘኾኑት ክለብ ሽግር ከምዝይከውን፡ እኳ ደኣ ፍታሕ ክኾኑ ከምዝኾኑኦም የረድእ። "ሰባት ምቹእነት ክሰምዖም ኣለዎ። እዞም ተጻወትቲ ከኣ፡ ጽቡቕ መንፈስ ዘለዎ ኩነታት የድልዮም፡ ደገፍን ክብርን ክረኽቡ ኣለዎም። ዝ. ዝነበሩ ከኣ፣ እዛ ክለብ፡ ንሕናን ኣሰልጠንቲን ኢና" ኢሉ፡ እንተላይ ንኣብሉ ኣካል እዚ ነቐፌታ ዝገበሩ፡ ካብ 2019 ክሳብ 2022 ስፖርት ዳይረክተር እዛ ጋንታ ዝነበረ ሊዮናርዶ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "እዞም ብሉጽ ብቕዓት ዘውንኑ ተጻወትቲ፡ ንኽትርድኦም ቀሊል እዩ። ካብ ዝፈጥርዎ ጸገም ከኣ ዝፈትሕዎ ይበዝሕ። ጸገም ክፍታሕ እንተኾይኑ ከኣ፡ ክድገፉን ኑቦም ጽቡቕ ክሰምዖም (ጽቡቕ ኩነተ ኣእምሮ ክህልዎም)ን ኣለዎ።" ኢሉ።

መሲ፡ ኣብ 2021 ንነይማርን ምባፐን ምስ ተጸምበሮም፡ እቲ 'ስሉሳዊ መስመር መጥቃዕቲ' ብኣጋኡ ተፈራሒ ንፒኤስጂ ድማ እቲ ምጽዋት - ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ከምጽኣላ ከምዝኽእልን ተገሚቱ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ባይታ ብኣንጻሩ እዩ ኮይኑ፣ ፒኤስጂ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ካብ'ቲ ኤውሮጳዊ ውድድር ብኣጋኡ ተገሊፋ። ብውጽኢት ክለቦም ዘይተሓጎሱ ደገፍቲ ከኣ፡ ንመሲን ነይማርን ክነቕፍዎምን ክሸድዎምን (ንነይማር ክሳብ ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ብምኻድ ውጹልና ኢሎሞ እዮም) ተሰሚዖም።

ኣብ'ዛ ጋንታ ከምዝይምችኦ ዝገለጸ ዝነበረ ናይ ሕጂ ተጻዋታይ ኢንተር ሚያሚ መሲ፡ ኣብ ምጅማር እዛ ክረምቲ ኣብ'ዛ ጋንታ ሕጉስ ከምዘይነበረ ገሊጹ እዩ። ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመታት ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ተጻዊቱ ማልያ እዛ ጋንታ ዝለበሰ ነይማር ድማ፡ ዝሓለፈ መዓልታት "ኣነን መሲን ኣብ ፒኤስጂ ኣብ ሲኦል ኢና ነይርና" ምባሉ ይፍለጥ።

## ውድድር ሓይልታት ምክልኻል . . .

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብስሉሳን ረቡዕን ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ቀጺሉ ወዒሉ።

ሰሉስ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ክልተ ግጥምታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ተኻይዱ ነይሩ። ጋንታታት ሳዋን ዓዝብዝበን ቀዳመን ክጻወታ እንከለዋ፡ ሳዋ ናብ ልዳት መጋጥምታ ብተደጋጋሚ ብምጽጋዕ ጸቕጢ ክትገብር ተራእያ። ኣብ ማእከል 16 ደቒቕ ሰሊጠዋ ከኣ ካብ ጥና ዑቕባይ ሹቶ ረኺባ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መራሒ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይ ምንባሩ ድማ፡ ሳዋ ተዓዊታ። ኣብላ ሄርሜላ ቴድሮስ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዛ ጸወታ ተጸዊዓ።

ቀጺለን ሰንጥቕን ንሰራን ግጥመን ኣሰላሲለን። ሰንጥቕ፡ ንጸወታ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ብምእታው፡ ኣብ ሓሙሻይቲ ደቒቕ ብመገዲ ነጻት ዳናዕ ሹቶ ኣቐጽራራን መራሕነት ሒዛን። ንሰራ ከኣ ድሕሪ ብምብርባር ድሕሪ 30 ደቒቕ ካብ ልዋም ተስፋሚካኤል እተመዛረርያ ሹቶ ረኺባ፡ እንተኾነ ሓጎስ ክጸዓ ሽዱሽተ ደቓይቕ ክቕጽል ኣይከኣለን፡ ሰንጥቕ ካብ ዳናይት ሙሓሪ ሹቶ ብምቑጻራ ንዕረፍቲ 2-ብ1 መራሒ ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ሰንጥቕ ንጸወታ ብምቁጽጻር ኣብ ማእከል 53፡ 72ን 81ን ደቓይቕ ብዝተኸታታሊ ሓንቲ ካብ ንዕማ ጀሚል ክልተ ካብ ፈሩዝ ተስፋኣለም ሹቶ ብምቑጻራ፡ ብጠፊሕ 5-ብ1 ተዓዊታ። ናይ'ዛ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ከኣ ኣብላ ዳናይት ሙሓሪ ተጸዊዓ።

እዚ ውድድር፡ ትማሊ'ውን ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ብጸወታ ኩዕሶ ሰከባት ክልተኡ ጾታ ቀጺሉ ነይሩ። ፈለማ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ሳዋን ሰንጥቕን ተመጣጢሩ ጸወታ ከርእያ እንከለዋ፡ ሳዋ 17-ብ13 ተዓዊታ። መኸተ ከኣ ንንሰራ 38-ብ9 ኣሰኒፋታ። ኣብ'ዛ ጸወታ፡ ኣብላ መኸተ ያስሚን መሓመድ 12 ሹቶታት ብምቑጻር ኣብ ዓወት ጋንታኣ ዓቢ ተራ ተጻዊታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጋንታታት ሰንጥቕን ሽዐላን ኣብ ዝተጻወታሉ - ሽዐላ 49-ብ36 ሰዒራ። ኣብላ ናህም ብርሃ ከኣ 12 ሹቶታት ኣመዝጊቡ። ጸወታ ንሰራ ኣንጻር መኸተ ኣብ መወዳእታ ዝተሰላሰለት ነይራ። እዛ ጸወታ ኣብ ምዱብ ግዜ ማዕረ ማለት 51-ብ51 ብምዝዛማ ናብ ተወሳኺ ሓሙሽተ ደቒቕ ኣምሪሓ። መኸተ ከኣ 62-ብ56 ተዓዊታ። ተጻዋታይ መኸተ ሰናይ ኪዳነ ኣብ ምክፍፋል ዓቢ ተራ ክጻወት እንከሎ፡ ተጻወትቲ ጋንታ ንሰራ - ሰም ሳምሶንን ናህም ተኽለዝጊን ድማ፡ ብሉጽ ምንቅስቓስ ምርኣዮም፡ ጸብጻባት እቲ ውድድር የረድእ።





# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ሩስያ፡ ንሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመሪካን ኣርመንያን ከምእትከታተሎ ገሊጻ

ሩስያ፡ ነቲ ኣመራሓን ኣርመንያን ዝመጽእ ሰሙን ክካይዳኦ ዝወጠና ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ብዕቱብ ከምእትከታተሎ ኣፍሊጣ።

ኣፈኛ ቤት-መንግስቲ ክረምሊን ዲሚትሪ ፐስኮቭ፡ ሃገሩ በቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ዝሰምዓ ስክፍታ ከምዘለዎ እንተኾነ ይዕበ - ይንኣስ ዓቢ ክትከታተሎ ምኳና ንጋዜጠኛታት ሓቢሩ።

ኣብቲ ወተሃደራዊ ልምምድ 85 ወተሃደራት ኣመራሓን 175 ወተሃደራት ኣርመንያን ጥራይ ከምዝሳተፉዎን ዕላማኡ ኣብ ተልእኾ ዓቃብ ሰላም ንምድላው ምኳኑን ሰበ መዚ ኣርመንያ ገሊጾም።



ኣርመንያ ምስ ኣመራካ ናይ ኣስታት 20 ዓመት ሽርክነት ወተሃደራዊ ስልጠና ከምዘለዋ ዘዘረ ኣፈኛ ሰራዊት ኣመራካ ብወገኑ፡ እቲ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከበድቲ ኣጽዋር ዘጠቓልል ከምዘይኮነ ኣብሪሁ።

ኣርመንያ፡ ኣብ ፈለማ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ኣብቲ ብሩስያ ዝምራሕ ሃገራት ሕቡረት ሶቭየት ነበር ዝሳተፋኦ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ካብ ምስታፍ ከምእተቐጠበት ኣዩርስዎ።

ሩስያ፡ ኣብ 2020 ኣብ መንጎ ኣርመንያን ኣዘርባጃን ድሕሪ ዝተወልዐ ኩናት፡ ኣብ መሬት ኣርመንያ ኣብ ተልእኾ ምዕቃብ ሰላም ዝተዋፈሩ ወተሃደራት ከምዘለውዋ ይፍለጥ።

ይኹን እምበር ኣርመንያ፡ እቲ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ካብ ኣዘርባጃያን ከምዘመጻ ንእትገልጾ ተጻብኦ ክከላኸል ከምዘይከኣለ እያ ትወቅስ።

ቅድሚ ምፍራስ ሕብረት ሶቭየት ነበር፡ ኣብ ትሕቲ ሕብረት ዝነበራ ኣርመንያን ኣዘርባጃን ብምስሕሓብ 'ናጎርኖ ካራባኽ' ዝተባህለ ዞባ ዝተላዕለ ኩናት ከምዝተኻየደን፡ ካብ ክልቲኡ ወገን ኣሽሓት ህይወት ከምዝጠፍኣን ይግለጽ።

## ብራዚል - ብዕልቕልቕ 27 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ብራዚል ዝዘረመ ከቢድ ዝናብ ወሒጅን ዕልቕልቕን ብምስዓቡ ህይወት 27 ሰባት ከምዝጠፍአ ምንጭታት ሕክምና'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ብሰንኪ'ቲ ዝተኸሰተ ዕልቕልቕ ኣስታት 5 ሽሕ ሰባት ዝነብሩላ 'ሙኩም' ዝተባህለት ከተማ ብምሉኣ ስለዝተዋሕጠት፡ ነበርታ ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ኮይኖም ረድኤት ይጽበዩ ከምዘለዉን መንግስቲ ድማ ነዚ ንምስላጥ ሄሊኮፕተራት ከምዘዋፈረን ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ብራዚል ሉዊዝ ሉላ ዳ ሲልቫ፡ በቲ ኣብ ደቡባዊ ብራዚል ዘጋጠመ ሓደጋ ከምዝጉሃ ብምግላጽ፡ ፈደራላዊ መንግስቲ'ታ ሃገር ንግዳያት ዕልቕልቕ ህጹጽ ረድኤት ከምዝህብ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

በቲ ኣብ ደቡባዊ ብራዚል ዝተኸሰተ ውሒጅን ዕልቕልቕን፡ ሓያሎ ህንጻታት ከምዝፈረሰን ናይ ዝሞቱ ሰባት ቀጽሪ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዝሎን ብዘውሳኺ ተፈሊጡ።

ኣብ ደቡባዊ ብራዚል ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ዝዘረመ ልዕሊ 300 ሚሊ. ሊትር ዝናብ፡ ነቲ ኣብ ኸባቢ ዝነበረ ዓድታት ከምዘይምሰስን ንትሕተ-ቅርጺ መጉዓዝያ ምሉእ ብምሉእ ከምዘዕነወ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም። በዚ ድማ ነበርቲ ናይቲ ከባቢታት ተጸበይቲ ህጹጽ ረድኤት ኮይኖም ምህላዎም'ዩ ዝገለጽ።

ኣብ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ልዑል ብከላ ኣየር ጠንቂ ምምዛባል ክሊማ ኮይኑ ብምህላዉ፡ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ልዕሊ ንቡር ዝናብን መቑሕትን ይኸስት ምህላዉ ክኢላታት ሜትዮሮሎጂ የረድኡ።

ዝሓለፈ ሰነ'ቲ፡ ኣብ ብራዚል ዞባ ሳዎ ፓውሎ ብዘጋጠመ ሓደጋ ዕልቕልቕ ህይወት 40 ሰባት ከምዝጠፍአ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ህ.ሪ.ቻይና፡ ኣብ ጉዳይ ኒጀር ክትሸምግል ሓሳብ ኣቕሪባ

መንግስቲ ቻይና ቅልውላው ኒጀር ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ መንጎኛ ኮይኑ ክሰርሕ ድሉት ከምዘለዎ ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ኒያሚ ጂያንግ ፈንግ ገሊጹ።

እቲ ኣምባሳደር፡ ምስቲ ብሰለማዊ ወተሃደራዊ ኣዚ'ታ ሃገር ከም ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ክሰርሕ ዝተመዘ ዓሊ ለሚን ዘይን ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ ነቲ ሓሳብ ከምዘቕረቦ ኣረዲኡ።

ኣብ ኒጀር ዝሓለፈ 26 ሓምለ ድሕሪ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ዕልዋ፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ነበር መሓመድ ባዙም ኣብ ትሕቲ ናይ ገዛ ማሕዩር ከምዝርከብን ማሕበረሰብ ዓለም ከድሕኖ ጸውዒት የቕርብ ምህላዉን ይፍለጥ።

ቻይና ብዘለዋ ዘይሻራዊ መርገጺ፡ ንወተሃደራዊ መንግስቲ ኒጀር ናይ ምድጋፍ ኮነ ናይ ምቅዋም መደብ ከምዘይብላ ዘዘረ ኣምባሳደር ጂያንግ ፈንግ፡ እቲ ቅልውላው ብሰላም ክፍርፍ ምስ ኩሉም ወገናት ከምእትሰርሕ የረድአ።

ምዕራብ ኣፍሪቃዊ ውድብ - ኢኮዋስ ኣቖዲሙ፡ ኣብ ኒጀር ሰቪላዊ መንግስቲ ንምምላስ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ይገብር ከምዘሎ ብምግላጽ፡ እዚ እንተፈሺሉ ግን ወተሃደራዊ ሓይሊ ክጥቀም ምኳኑ'ዩ ዘጠንቀቐ።

ብዘይካዚ ኣብ ልዕሊ ኒጀር ዝኾነ ወተሃደራዊ ምትእትታው ከምዘይትድግፍ ትገልጽ ዘላ ኣልጀርያ፡ ብዕልዋ ስልጣን መራሕቲ ዝሓዘ ጀነራል ዓብዱልራሕማን ትቺያኒ ኒታ ሃገር ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ናብ ሰቪላዊ ምሕደራ ክመልሱ እማመ ኣቕሪባ ኣላ።

ወተሃደራዊ መንግስቲ ኒጀር፡ ንኣምባሳደር ፈረንሳ ካብታ ሃገር ክወጽእ'ኳ እንተኣዘዘ፡ ፈረንሳ ግን እቲ ቁሪሙ ዘሎ መንግስቲ ንቲ ኣምባሳደር ክሰጉግ ሕጋዊ መሰል ከምዘይብሉ ብምግላጽ ዛጊት ኣምባሳደራ ከምዘይተወጽአ እያ እትሕብር።



## ወተሃደራዊ መራሒ ጋቦን ምስ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ተዘራሪቡ

ኣብ ጋቦን ብዕልዋ ስልጣን ዝሓዘ ወተሃደራዊ መራሒ'ታ ሃገር ጀነራል ብራይስ ኦሊጉ ንጉማ፡ ምስ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ'ታ ሃገር ኣልበርት ኦንዶ ኦሳ ተራኺቡ ከምእተዘራረበ ተሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ሰሙን ስልጣን ዝሓዘ ወተሃደራዊ መራሒ፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር ኣመልኪቱ ምስ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ'ታ ሃገር ምርድዳእ ከምዝገበረ'ዩ ዝገልጽ።

ዝሓለፈ ሰሉስ ጀነራል ንጉማ ቃለ-ማሕላ ኣብ ዝፈጸመሉ ጽንብል ካብ ምስታፍ ዝተቐጠበ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ'ታ ሃገር ኣልበርት ኦሳ፡ ብዘዕባ'ቲ ዝተኻየደ ዝርርብ ኣመልኪቱ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዛዕባ ናይቲ ርክብ፡ ተራ ተቓዋሚ ሰልፊ ኣብ ምቛም ግዝያዊ መንግስቲ ከምዝነበረ ኣረዲኡ። ዝኾነ ዝርዝራት ግን ኣይሃበን።

እቲ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣንጻር ፕረዚደንት ጋቦን ነበር ዓሊ ቦንጎ ኣብ ዘካየዶ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከምእተዓወተ'ኳ እንተገለጸ፡ በቲ ናይ ሽዑ መንግስቲ ግን ተቐባልነት ከምዘይረኸበ'ዩ ዝሕብር።



ግዝያዊ ፕረዚደንት ጋቦን ኮይኑ ቃለ ማሕላ ዝፈጸመ ጀነራል ንጉማ ብዕልዋ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፡ ንሓያሎ እሱራት ፖለቲካ ከምዝፈትሐ'የም ምንጭታት'ታ ሃገር ዘመልከቱ።

ግዝኣት ፈረንሳ ዝነበረት ጋቦን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ እትርከብ ንእሽቶ ሃገር ኮይና፡ ጺጋታት ነዳዲን ዩራንዩምን ዝተዓደለት እያ። ን55 ዓመት ኣብ ትሕቲ ስድራቤት ቦንጎ ኣብ ዝጸንሐትሉ እዋን ድማ ከም ሕሱም ብፈረንሳ ከምእተመዝመዘት ሰባት ይምስክሩ።

## “ግብጺ መጠን ወሊድ ክትንኪ የድልያ ኣሎ” ፕረዚደንት ኣል-ሲሲ

ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደል ፋታሕ ኣል-ሲሲ፡ ሃገሩ ኣብ መጻኢ ብሰንኪ ብዝሒ ህዝቢ ኪጋጥማ ንዝኽእል ከቢድ ሓደጋታት ንምውጋድ፡ ማጠን ወሊድ ክትንክዩ የድልያ ከምዘሎ ገሊጹ።

ንሱ ነዚ ዝገለጹ ኣብ ካይሮ ኣብ ዝተኻየደ ዘሎ ንጉዳይ ብዝሒ ህዝቢ፡ ጥዕናን ልምዓትን ዝምልከት ዓለማዊ ኮንግረስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ እዩ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ግብጺ ንዜጋታታ ናይ ስራሕ ዕድላትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ብዝበቕዓት ክትቀርበሎም እንተደኣ ኮይና፡ ነቲ ዓመታዊ ልዕሊ 2 ሚልዮን በጺሑ ዘሎ ማጠን ወሊድ ህዝቢ'ታ ሃገር ናብ 400 ሽሕ ክተውርዶ ክትግደድ ምኳና ኣረዲኡ።



እዚ ከኣ፡ ምስቲ ሚኒስተር ጥዕና ብዝሒ ህዝቢ'ታ ሃገር ኻሊድ ዓብደል ጋፋር ኣብቲ ዋዕላ ዝሃቦ መግለጺ ዝጸረር ምኳኑ'ዩ ዝሕብር ዘሎ።

እቲ ሚኒስተር ኣቐዲሙ ኣብቲ ዘኮመያ ቃሉ፡ “ዝኸፋት ግብጻዊት ስድራ፡ ዝደለየቶ ብዝሒ ቈልዑ ክትወልድ ምሉእ ሓርነት ኣለዋ” ክብል'ዩ ተዛሪቡ ነይሩ።

ፕረዚደንት ኣል-ሲሲ ብወገኑ፡ “ኣብ መጻኢ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝሒ ህዝቢ ዝሃገር ከስዕቦ ንዝኽእል ብድሆታት ብምስትእ ክርድኡኦ ዝይኽእሉ ስድራቤታት 'ከም ደላይዎ ቈልዑ ወሊዳ እናበልካ ናጽነት ምሃብ፡ ኣብ መወዳእታ ንመላእ እዚ ሕብረተሰብን ሃገርን ከቢድ ዋጋ ከኽፍሎም እዩ” ክብል፡ ነቲ ብሚኒስተር ጥዕናን ብዝሒ ህዝብን ዝተዋህበ መግለጺ ነጺጉዎ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ ቻይና ዕብየት ብዝሒ ህዝባ ንምቁጽጻር ዝተኸተለቶ 'ሓደ ቈልዓ' ዝበሃል ተራር ፖሊሲ ከምዝዐወታ ብምጥቃስ፡ ግብጺ'ውን ንሱ ዝመሳሰል ናይ ባዕላ ፖሊሲ ክትክተል ኣድላዪ ምኳኑ ኣተንቢሁ።

ብመሰረት ሚኒስተር ጥዕናን ብዝሒ ህዝብን ግብጺ ኻሊድ ዓብደል ጋፋር፡ ብዝሒ ህዝቢ ግብጺ ካብ 2000 ዓም ንደሓር ጥራይ ብ40 ሚልዮን ብምውሳኽ፡ ኣብዚ እዋን 105 ሚልዮን በጺሑ ኣሎ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 07/09/2023 | ጎደና 173 - 18 ቁ.21፡ ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565